# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.259 ዓርቢ 28 ሰነ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ምስ ምቕያር ክሊማ ኣብ ነፍሰ-ጾር ዝርአ ሓልኪታት






ገጽ 3
ናይ ዙፋን ሕቶ





ገጽ 4
ግሉጽነት





ገጽ 5
ስለ ሃገርን ህዝብን





ገጽ 7
ዓንሰባ - ኣልነስር




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ልኡኽ ላዕለዋይ ባይቶ ኢጣልያ ተቐቢሉ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 27 ሰነ ኣብ ሰዓታት ቅድመ-ቐትሪ፡ ብስቴፋንያ ክራክሲ - ኣብ 'ሴት' (ላዕለዋይ ባይቶ ኢጣልያ) ፕረዚደንት ኮሚሽን ዝምድናታት ወጻኢን ምክልኻልን ንዝተመርሐ፡ ሰለስተ ኣባላት ባይቶ ዝርከቡዎ ልኡኽ ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ኣብ ዓዲ-ሃሎ ኣብ ዝተገበረ ርክብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ምዝዛም ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣብ ሮማ ዝተቓነዐ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃን ኢጣልያን ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝተኻየደ ርክባትን፡ ኣብ ሓደ እዋን ቀስቃሰን ቡዓህን ከምዝበረ ብምጥቃስ፡ ምስ ኢጣልያ መድረኹ ዝሓለወ ንዋሕ ዝጠመተ ስትራተጅያዊ ዝምድናታትን ሽርክነትን ንምምዕባል ዝሎ ድልየትን ድልውነትን ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ወሲኹ፡ ብወህደትን ሽርክነትን ክልቲኦን ሃገራት፡ ንኹሉ ቀዳምነታት ዘጣመረ መርሓ ስትራተጅያዊ ዝምድናታት ክሕንጸጽ ኣገዳሲ ከምዝኾነ፡ ንቲ ልኡኽ ኣብሪሁሉ።

ንቲ ልኡኽ መራሒ ዝመጸኣት፡ ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ኢጣልያ ፕረዚደንት ኮሚሽን ዝምድናታት ወጻኢን ምክልኻልን ስቴፋንያ ክራክሲ ብወገኑ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ወጽኢታዊ ሽርክነትን ምትሕግጋዝን ንምህናጽ - ብወገን ኢጣልያ ንዝሎ ቅሩብነት ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ - ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዐስማን ሳልሕ፣ ብወገን ኢጣልያ ድማ፡ ኣምባሳደር እታ ሃገር ኣብ ኤርትራ ማርኮ ማንቺኒ ተረኺቦም ነይሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ24 ሰነ እውን ብሚኒስተር ትካላት ዋኒንን ሃገራዊ ፍርያትን - ኣዶልፎ ኡርሶ ዝተመርሐ ፍሉይ ልኡኽ መንግስቲ ኢጣልያ ተቐቢሉ ምዝርራቡ ይዝከር።


ስእሊ - ብኣብራሃም በየነ

## ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕ.መ.ኣ. - ሰሚናር ኣካዪዱ

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣቶ ብርሃ ገብረሂወት፡ ብ23 ሰነ - ኣብ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ንዝነብሩ ዜጋታት፡ ንህሉው ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን ዝምልከት ሰሚናር ኣካዪዱ።

ዘሎናዮ እዋን፡ ዓለማዊ ጂኦፖለቲካዊ ኩነታት - ካብ ሓደ ግቡእ ማእከል ፖለቲካዊ ስሕበት፡ ናብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ሓይሊ ሚዛን ክፈጥር ዝኽእል ወዱን ዓለማዊ ስርዓት ዝሰጋገረሉ ዘሎ መድረኽ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ብርሃ፡ ንጻሰርተታት ዓመታት ኣንጻር ዓመጽን ተጻብኦታትን መኪታ፡ ኣብ ዮባውን ዓለማውን ዲፕሎማስያዊ መድረኻት ደሚቓ ዘላ ኤርትራ፡ ፍትሓውን ኣሳታፊን ዓለማዊ ስርዓት ንምምሃደ፡ ምስ መሻርኽታን መሰልታን ሓቢራ ምቕላል ኣበርክቶ ትገብር ከምዘላ ገሊጹ።

ብህዙበን መንግስትን ሓይልታት ምክልኻሉን ንዝተኻየደ ዕዉት መኸተ ምርግጋጽ ድሕነትን ልኡላውነትን ንምድራዕ፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ንዝገበርዎ ኩሉ መዳያዊ ኣበርክቶ ብምምጓስ ድማ፡ ኣብ'ዚ ተኣትዩ ዘሎ ሓድሽ መድረኽ እውን ዳግማይ ዓወት ንምምዝጋብ፡ ዜጋታት ኩሉ ዓይነት ውዳበታቶም ከደልዱሉን ሞያውን ቁጠባውን ኣበርክቶኦም ከዕዝዙን ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ብርሃ፡ ቁልዑን መንእሰያትን ብኤርትራዊ ክብርታትን ባህልን ንምኹስኳስ ክካየድ ንዝጸንሐ ጻዕሪ - ብዝተወደበን ሞያዊ ኣተሓሕዛን ንምንጣፍ፣ ኣብ'ቲ ዝነብሩሉ ሃገር ዘሎ ኩነታት ድማ - ብመንጽር ኮማዊ ረብሓታቶምን ረብሓታት መበቆል ሃገሮምን ንምምዝማዝ - ብዕቱብ ክሰርሑ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ሓምለ ዝካየድ መበል 50 ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ መብርሂ ሂቡ።







# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምስ ምቅይያር ክሊማ ኣብ ነፍሰ-ጾር ዝርአ ሓልኪታት




ምቅይያር ክሊማ፡ ኣብ ጥዕና ወዲ-ሰብ ዘርእዮ ኣሉታዊ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ጽልዋ፡ ኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ሓዊሱ፡ ጽሩይ ከባቢያዊ ኣየር ምስኣን፡ ጽሬቱ ዝሓለወ መኣዝዊ መግብን ዘስተ ማይን ምጉዳል ዘጠቓለለ እዩ።

ኣብ ገለ ኢጋጣሚ ዝኾነ ሰብ፡ ብምቅይያር ክሊማ ጥዕናኡ ክጽሎ ይኽእል እዩ። እቲ ዝፍጠር ክሊማዊ ምቅይያር፡ ንገለኦም ኣብ ጥዕናኦም ከቢድ ሃሰያ ከውርደሎም ይኽእል። እቲ ሃሰያ፡ ብዕድሜ፡ እቲ ሰብ ብዘለዎም ደረጃ ጥዕና፡ ቁጠባ ወዘተ ክብደቱ ዝተፈላለየ ይኸውን።

ምቅይያር ክሊማ፡ ኣብ መንጎ ጾታ፡ ካብኡ ሓሊፉ ኣብ መንጎ ነፍሰጾራት ዘውርዶ ጥዕናዊ ሃሰያ'ውን ዝተፈላለየ እዩ።

መብዛሕትኦን ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ጥንሲ ግዜኤን ምስ ምሉእ ጥዕና እየን ዘሕልፋኦ። ጥዕና ዘለዎ ዕሸል ይገላገላ። ይኹን'ምበር፡ ክሊማዊ ምቅይያር፡ ኣብ ከባቢያዊ ጥዕና ጉድኣት ስለዘህልዎ፡ ንጥዕና ነፍሰጾር ፈታኒ እዩ ዝኸውን። ከም ሳዕቤኑ ኣብ'ታ ነፍሰጾር ሓያሎ ሓልኪታት ይፍጠር። ገለ ካብኡ፦

**ትሕቲ ንቡር ክብደት ዘለዎ ህጻን ምግላጋል።**

መዓልቱ ዘይኣኸለ ዕሸል ምግላጋል፡ ቅድሚ 37 ሰሙንታት ግዜ ጥንሲ ዝውለድ ዕሸል - መዓልቱ ዘይኣኸለ ዕሸል እዩ ዝበሃል።

ምውሳኽ መቖትን ጸቕጢ ኣየርን ንባዕሉ፡ ኣብ ደረጃ መሬት ናይ 'ኦዞን' መጠን ከም ዝቕወም ይገብር። ጣቓን ግመን ኣብ ክሊማ ብሰንኪ ዝርአ ምቕይያራት እዩ ዝፍጠር። እዚ ንዓይነት ናይ'ቲ እነስተንፍሶ ኣየር ዝሓመቐ ይገብሮ - ብኩሉ ኣየር።

ንብኩሉ ኣየር ዝተቓልዐት ነፍሰጾር፡ ኣብ ንቡር እስትንፋስ ጸገማት ስለ ዝፈጥረላ፡ እቲ ኣብ ማህጸን ዝርከብ ዕሸል ግቡእ መግዛበን ኣየርን ክረክብ ኣይክእልን። እዚ፡ ትሕቲ ንቡር ሚዛን ወይ ትሕቲ መዓልቱ ዕሸል ክትገላለግል ካብ ዝገብሩ ጠንቅታት ሓደ እዩ።

**ምስ መቖት ዝመጽእ ሕማም - Heat Illnesses**

ሓደ ሰብ ንልዑል መቖት ምስ ዝቃላዕ'ሞ፡ ሰብነቱ ባዕሉ ብዘፈጥሮ መካኒዝም ቀልጢፉ ክዝሕል ምስ ዘይክእል፡ ምስ መቖት ብዝመጽእ ሕማም ተጠቒዑ ከም ዘሎ ክረጋገጽ ይኽእል። ልዑል መቖት ንዝኾነ ሰብ፡ እንተላይ ነፍሰጾር ሓዊሱ፡ ኣብ ጥዕና ከቢድ ዕንወት ወይ ሞት ከስዕብ ይኽእል።

ንልዑል መቖት ምቅላዕ፡ ኣብ ነፍሰጾር ንቕጻት ሰብነትን ጉድኣት ኣብ ኩሊትን ክወርድ ይኽእል። ነፍሰጾር ልዕሊ ማንም ካልእ ሕብረተሰብ ንወቕዒ መቖት ዝተቓልዐት እያ። ንልዑል መቖት ዝተቓልዐት ነፍሰጾር፡ ኣብ ዘይመዓልቱ ዝውለድ ትሕቲ ንቡር ዝኽብደቱ ወይ ምውት ዕሸል ክትገላገል ዘለዋ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

**ምስ እስትፋስ ዝተኣሳሰር ሕማም - Respiratory Illnesses**

ምቅይያር ክሊማ፡ ሓደ ካብ ጠንቂ ምብኳል ከባቢያዊ ኣየር እዩ። ጣቓ፡ ግሙ፡ ልዑል መቖት፡ ኣብ ደረጃ መሬት ዝህሉ መጠን ኦዞን ከም ዝወሰኽ ስለ ዝገብሩ፡ እቲ እነስተንፍሶ ኣየር ጽሬቱ ዝተሓለወ ኣይከውንን። በዚ ጸገም'ዚ ብቐሊሉ ተኣፈፍቲ ዝኾና ነፍሰጾራት እየን። ነዚ ጸገም'ዚ ዝተቓልዐት ነፍሰጾር ኣብ ዘይመዓልቱ ዝውለድ ዕሸል ክትገላገል ዘለዋ ተኽእሎ ዝሰፍሐ እዩ። እቲ ደቂ ሰር ዝሰደደ ምስ ዘይከውን ብሕልፊ፡ ምብርዓን ጥንሲ ኪጋጥማ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ እዩ።

**ጥንሲን ጥዕናዊ ጸገማትን**

መብዛሕትአን ነፍሰጾራት፡ እቲ ጥንሲ ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገማት ከየስዓበለን እየን ዝገላገላ። ገለ ግና ምስ ጥንሲ ተኣሳሲሩ ዝመጽኣን ሕማማት ኣሎ። እቲ ዝመጽእ ጥዕናዊ ጸገማት፡ ምስ ምቅይያር ክሊማ ክብደቱ ክዓቢ ስለ ዝኽእል፡ ብኢጋኡ ግቡእ ጥንቃቐን ሕክምናዊ ምክትታልን ክትገብር ትግባር። እዚ ምስ እትገብር፡ ኣብ ልዕሊኣን ኣብ ልዕሊ'ቲ ዕሸልን ክስዕብ ዝኽእል ሕልኽላኻትን ጥዕናዊ ጸገማትን ክውገድ ይከኣል እዩ።

**ጸቕጢ ደም**

ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝመጽእ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ እቲ ካብ ልቢ ናብ ካልኦት ኣካላትን መዳሕንትን ዝወስድ ሻምብቆ ደም 'ኣርተሪ' ምስ ዝጸብብ እዩ። እቲ ዝፍጠር ልዑል ጸቕጢ ደም ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ብምግባር ምቁጽጻሩን ምክትታሉን ምስ ዘይከኣል፡ ቅድሚ መዓልቱ ወይ ትሕቲ ንቡር ክብደት ሰብነት ዘለዎ ዕሸል ክትገላገሊ ዘለኺ ተኽእሎ ዝዓቢ እዩ።

**ሕማም ሽኮር ኣብ ግዜ ጥንሲ**

ነፍሰጾር፡ ኣካላታ ብግቡእ ሽኮር ክምስርሕ ምስ ዘይክእል፡ ሕማም ሽኮር ኣብ ግዜ ጥንሲ ከጋጥማ ይኽእል። እዚ ጸገም'ዚ ኣብ ደማ ልዑል ዓቐን ሽኮር ከምዘህሉ ይገብር። ከም'ዚ ጸገም ዘጋጠማ ነፍሰጾር ምስ ሓኪም ብምርድዳእ ኣብ ኣመጋግባኣ ጥንቃቐ ክትገብር ይግባእ። ምስ ጥንሲ ዝመጽእ ሕማም ሽኮር ድሕሪ ሕርሲ ይጠፍእ እዩ።

**ምምራዝ ደም**

ኣብ ነፍሰጾራት ዝርአ ምምራዝ ደም (Preeclampsia)፡ ድሕሪ 20 ሰሙናት ዕድመ ናይቲ ጥንሲ ኣብ ዘሎ ግዜ እዩ ዘጋጥም። ልዑል ጸቕጢ ደምን ሕማም ኩሊትን ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል። ከም'ዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም ዘጋጠመን ነፍሰጾራት፡ ክሳብ ዝገላገላ ቀጻሊ ሕክምናዊ ሓገዝ እዩ ዝግበረለን። ኣገዳሲ ሓደገኛ ብምዃኑ'ውን፡ ነቲ ጥንሲ ነቲ መዳሕንትን ብኣግኡ ምእላይ ገለ ካብቲ ዝግበር ሕክምናዊ ሓገዝ እዩ።

**ምብርዓን ጥንሲ**

ምብርዓን ጥንሲ፡ ኣብ ቀዳሞት 20 ሰሙናት ግዜ ጥንሲ እዩ ዝርአ። ምብርዓን ጥንሲ ምሉእ ጥዕናዊ ብቕዓት ኣብ ዘለወን ነፍሰጾራት'ውን ከይተረፈ እዩ ዘጋጥም። ኣብ ገለኣን'ውን ጥንሲ ከም ዘለወን ከይስተብሃላ ኪጋጥመን ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ፡ እዚ ዓይነት ምስ ጥንሲ ዝመጽእ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ንምክልኻሉ ዝከኣል ኣይኮነን።

**ስሕወ ደም**

ስሕወ ደም (Anemia)፡ ኣብ ሰብነትና ትሑት ንቡር ቁጽሪ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ምህላው እዩ ዘመልክት። 'ኣነምያ' ዘለዎ ሰብ ብቐሊሉ ድኻም ሰብነት ይስምዖ። ቁርበት ሰብነቱ ፋሕሻው ይኸውን። 'ኣነሚያ' ብዙሕ ጠንቅታት እዩ ዘለዎ። ከም 'ኣይረን' ዝኣመሰለ መተካእታ መድሃኒት ብምውሳድ፡ ነቲ ጸገም ክትፍወሶ ይከኣል። ስሕወ ደም ብዙሕ ግዜ ኣብ ነፍሰጾራት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርአ ጥዕናዊ ጸገም እዩ።

ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ነፍሰጾር ምዃና ምስ እተረጋግጽ፡ ጥዕናኣን ጥዕና ናይ'ቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምውሓስ ግቡእ ክንክን ክትገብር ይግባእ። ገለ ካብ'ቶም ሓካይም ዝሁብዎ ምኽርታት ንምጥቃስ፦

=> **እኹል ቫይታሚን 'ዲ'ን 'ፎሊክ ኣሲድ'ን ምውሳድ**

'ፎሊክ ኣሲድ' (Folic acid)፡ ቫይታሚን 'ቢ' ምዃኑ እዩ። ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ኣብ መትናዊ ሻምብቆታት ጸገማት ከየጋጥሞ ዝሕግዝ መኣዝ እዩ። እዚ መኣዝን ናይ ምጥናስ መደብ ካብ ዝህልወኪ፡ እዋን ኣትሒዝኪ ብግቡእ ዓቐኑ ክትወስደዮ ተመሪጹ እዩ። ጥንሲ ኣብ ዝሓዝክሉ እዋን ክትጀምርዮ ከም እትኽእሊ'ውን ክኢላታት ይገልጹ እዮም። እቲ ጥንሲ ክሳብ 12 ሰሙንታት ዝቕጽር ክውሰድ ይከኣል።

ቫይታሚን 'ዲ' (Vitamin D)፡ እቲ ዕሸል ተረርን ጥዕና ዘለዎን ኣዕጽምቲ፡ ኣስናን ክምኡ'ውን ጭዋዳ ክምዕብል ይሕግዞ። መጠን 'ካልሽየም' ከምኡ'ውን 'ፎስፌይትን' ኣብቲ ዕሸል የመዓርርዩ፡ ፡ ቫታሚን 'ዲ' ብመልክዕ መተካእታ ከረናታት ይዳሎ እዩ። እታ ነፍሰጾር ዋሕዲ ናይዚ መኣዛዚ ከም ዘለዋ ምስ እትግምገም፡ ናብ ሓኪም ብምኻድ ክትወዶ ይከኣል።

ቁርበት ሰብነታ ምስ ዝፍሕሸ፡ ምስ ዝደርቕ ከምኡ'ውን ብዙሕ ግዜ ኣብ ገዛ ተዓቢጣ ብምውዓላ - እኹል ጸሓይ ብርሃን ትረክብ ከምዘየላ ምስ እትግምግም፡ ዋሕዲ ቫይታሚን 'ዲ' ከይህልዋ ናብ ሓኪም ብምኻድ ዘድሊ ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል እያ።

=> **ነፍሰጾር ንጥፍቲ ክትከውን ይግባእ**

ነፍሰጾር ኮይና ተረጋጊዓ ትውዕል እንተኾይና፡ ንጥዕንኣን ንጥዕና ናይ'ቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ጸቡቕ ኣይኮነን።

ተረጋጊዐን ዝውዕላ ነፍሰጾራት፡ ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ከምዕብላ ዘለወን ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ብሕማም ሽኮር፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖን ሃርሃርታ ደምን ክጥቅዓ ይኽእላ።

ምውሰዋስ ኣካላት ናይ ምዝውታር ልምዲ ዘለኪ ምስ እትኾኒ፡ ድሕሪ ጥንሲ'ውን ነቲ ምውሳዋስ ከተካይድዮ ይግባእ። ንውሑትን ክብደትን ናይ'ቲ እተካይድዮ ምውስዋስ ኣካላት፡ ምስ ሓካይም ተመያይጥኪ ክትልክዕዮ ከም ዘለኪ ግና ኣስተብህሊ።

ምውሳዋስ ኣካላት ናይ ምኪያድ ልምዲ ዘይብልኪ ምስ እትኾኒ፡ ምውሳዋስ ኣካላት ኣብ ዘዘውትራ ክሎቡ ክትኣትዊ ዘድሊ'ኪ እንተዘይኮይኑ ንጥፍቲ ክትኮኒ ከም ዘለኪ ግን ኣይትዘንግዒ። ምስ ዓቕምኺ ዝሰኑ ብእግሪ ምግዓዝ፡ ኮፍ ኢልካ ኣእዳውካን ኣእጋርካን ምንቅስቓስን ዝኣመሰሉ ምውሳዋስ ኣካላት ክትገብሪ ትኽእሊ።

ነፍሰጾር ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ሳዕ - ን30 ደቓይቕ ዝጸንሕ ፍኹስ ዝበለ ምውሳዋስ ኣካላት ክትገብር ይግባእ።

=> **ኣብ እትወስደዮም መግብታት ኣድህቦ ምግባር**

ገለ መግብታት ብቐሊሉ ስለ ዝበላሸዉ ረኽሲታት ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም። እዞም መግብታት 'ቶክሶፕላዝሞሲስ' (toxoplasmosis) ይበሃሉ። ገሊኦም ከም 'ሳልሞኔላ' (salmonella) ዝኣመሰሉ ጀርምታት ንመመገቢ ብምምራዝ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። ገለ መግብታት'ውን ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ኤ'ን 'ሜርኩሪ'ን ስለ ዘለዎም፡ ንደረጃ ዕብየት ናይ'ቲ ዕሸል ይሃስዩ እዮም።

=> **ምንቅስቓስ ናይ'ቲ ዕሸል ምክትታል**

ምንቅስቓስ ዕሸል፡ እቲ ቀንዲ መሐበሪ ኩነታት ጥንሲን ዕሸልን እዩ። ነፍሰጾር፡ ካብ 24 ሰሙንታት ንደሓር ዘሎ ናይ ጥንሲ ግዜ ኣትሒዙ ንምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ብግቡእ ክተድህበሉ ይግባእ። ምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ምስ ዝንድላ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ክትገብር ኣለዋ።

=> **ቀልሕታ ኣብ ኣገባብ ኣደቃቕሳ**

ነፍሰጾር ብፍላይ ድሕሪ ሹዱሽተ ኣዋርሕ ግዜ ጥንሲ፡ ኣብ ኣገባብ ኣደቃቕሳ ግቡእ ኣድህቦ ክትገብር ኣለዋ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብሕቖኣ ምድቃስ ምስ እተዘውትር፡ ዝሞተ ዕሸል ክትወልድ ዘለዋ ተኽእሎ ብዕጽፊ ከም ዝዛይድ መጽናዕትታት የመልክቱ። ነፍሰጾር ብጎኒ ክትድቕስ ከም ዘለዋ እዩ ዝምከር።

=> **ዘይንቡር ምልክታት ክጋጥማ ግቡእ ኣድህቦ ምግባር**

ነፍሰጾር ኣብ ግዚኣ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ምስ እትገብር፡ ኪጋጥማ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገማት ንምክትታል ኣጸጋሚ ኣይከውንን። ንጥዕንኣን ጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምሕላው፡ ባዕላ ኣብ ገዛኣ እትገብሮ ምክትታል ከም ዘሎ'ውን ክተስተብህል የድሊ። እዞም ዝስዕቡ ምልክታት፡ እቲ ዕሸል ጸቡቕ ከም ዘየለ ዝሕብሩ እዮም፦

ምፍሳስ ደም ኣብ ርሕማ፣ ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ፣ ሃንደበት ዝመጽእ ቀጻሊ ቃንዛ ከስዐ፣ ዘይገድፍ ከቢድ ሕማም ርእሲ፣ ተደጋጋሚ ረሃጽ ኣብ ገጽ፣ ኢድን እግርን፣ ሕውዝውዝ ምባል፣ ተደጋጋሚ ሳላ ኣብ ኢድን እግርን፣ ምዝሓል ወይ ምጉዳል ምንቅስቓስ ዕሸል ወዘተ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ናይ ዙፋን ሕቶ

2ይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ግደይ ገብረእየሱስ ግኑ ከም'ቲ ኣቦኣ ዝበሎ ቀጊዓ ኣይከደትን፤ ናብቲ ኣደኣ - ወይዘሮ ዙፋን ዝወደቐትሉ መረባ ተጠውዩት'ሞ ንኣካላት ኣደኣ ብኢዳ ዳህሰሰቶ። ምማታ ምስ ተረድኣት፡ ነታ ኣብ ዝሞተን ኣደኣ ተሓዚላ ዝነበረት ህጻን ሓብታ - ንኣብርሃጼን ኣልዒላ ካብቲ ቦታ ተኣልየት። እቶም ወተሃደራት'ውን ናብቲ ምቕጻል ዝኣበዩም ህድሞ - እንዳ ኣቶ ገብረእየሱስ ገዛ - ተመሊሶም ብምምጻእ ኑቶም ሰድራ ንምርካብ ኮለል ኢሎም ምስ ሰኣኑዎም ከዱ።

እቶም ቈልዑ፡ ዋላ'ኳ ኩላቶም ካብቲ ገዛ እንተወጹኡ ኣብ መገዲ ግን ፋሕ ፋሕ በሉ። ጸጋ ናበይ ከምዝኣተወት በይና ተዘሊላ ካብ ግደይ ተሰወረት። ሕድሪ ህርምቲ እግሩ ንክኸይድ ስለ ዘኽኣሎ ነዊሕ ከይተጓዕዘ ኣብ ከበቢ'ቲ ቀሸት ተረፈ። ግደይ ግን ንሕዝላ ሓብታን ዓይና ንዘተሓርመት ኣድሓኑትን ሒዛ ናብ ምስዛናይ ተጓዕዘት። ኣብ ዓዲ-መገደይ ዝተባህለ ቦታ ምስ በጽሐት ግኑ ንወይዘሮ ርግበ ሰይቲ ቀሺ ገብራይ ረኸበታ። ነቲ ኣብ ገዛኦም ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ቅትለት ዘርዚራ ሓበረታ። ወይዘሮ ርግበ ድማ - ግደይ ብዝሓበረታ መሰረት ንሕድሪ ረኺባ ሓዚላ ኣውጽኣቶ።

ካብታ ቀሸት ወጻኢ ኩይኑ ግፍዒ ሰራዊት ደርግ ብምዕዶ ከምዕዱ ዘወዓለ ህዝቢ፡ ንምሸቱ ሬሳታቱ ክቐብር ናብ ዓዲ ኣተወ። ቀሺ ዓንዳይ ባህታ - ሓዋ ንዙፋን ባህታ፡ ዳርጋ ጸላኢ ኻና ካብቲ ቀሸት ከይረሓቐ ከሎ እዩ ብሕቡእ ኣብ ገዛ እንዳ ኣቶ ገብረእየሱስ ዝበጽሐ፡ ንሬሳ ወይዘሮ ዙፋን ኸዚ ኸኣ ኣብቲ ደንበ ቀብሮ። ካልኦት ግን ኣካላቶም ምስቲ ህንጻታት ብሓዊ ስለ ዝሓረረ ኣረርኻ ዝለዓል እዩ ነይሩ።

እቶም ክልተ ዝተረሸኑ ኤርትራውያን ወጻኢ ካብ ነበርቲ ደቂ'ታ ቀሸት፡ ዕጡቓት ናይ ጸላኢ እዮም ነይሮም። ሓደ ወዲ ደብሪ ክኾውን ከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ወዲ ዓዲ-ወርሒሰብ ምዃኖም እዩ ዝንገር። ብናይ ተረኽቦ ግምት፡ እቲ ሓደ ተቐታሊ፡ ምናልባት እቲ "ውጹእ ከይቀትሉኻ" ኢሉ ንተኽላይ ዝመኸረ ሰብ ክይከውን ይጥርጠሩ። ንሱን ካልኣዩን ንቕትለት ሰላማውያን ገበር ዝተቓወሙ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ዝብል ግምት ኣለዎም። ብዝወሰኸ፡ ሰራዊት ጸላኢ ልዕሊ 25 ናይ ተኽላይ፡ 30 ናይ ወልደስላሰ - ብጠቕላላ 55 ኣጣል ኣብ ደንበኦን ከለዋ ሓሪዶም በሊዖም። ናይ ዝሞቱን ዘይሞቱን 16 ገዛውቲ ምስ ምሉእ ንብረቶ'ውን ኣቃጺሎም።

ህጻናት መብራህቱ ወልደስላሰን ተኽልዝጊ ወልደስላሰን - እቶም ናብ በዓቲ ምስ ኣተዉ ወተሃደራት ጸላኢ ትኪ ዓለሶም ክቐትሉ ዝፈረዱዎም - ግን ካብ ሞት ኣምለጡ። ንሳቶም፡ ብኣንጻር መእተዊ ናይቲ በዓቲ ካልእ መውጽኢ ስለ ዝረኸቡ ካብቲ ዝተሓሰበሎም ኣረሜናዊ ተግባር ተናገፎም እናተሓብኡ ንበረኻኦም ከዱ። ናብ በረኻ ክወፍሩ ኸለዉ ኣብ ዓዲ ዝገደፉዎም ኣቦኦም፡ ኣደኦም ወይዘሮ ዙፋን ዑትማንን ሓብቶምን ደሮ ተረሺናም እዮም። እቲ ኣሙቶም ክዑበር ዝኽእል ዝበረ ሓደ ካብ ቀረባ ቤተሰብ፡ እቲ ጥይት ብሬን እናተተኩሰሉ ንበረኻኡ ዝሃደመ ሓወቦኦም ገብረኽስቶስ ዘርኣ እዩ።

ኣቶ ገብረኽስቶስ ናብታ ቀሸት ተመሊሱ ሞት በዓልቲ-ቤቱ ድሕሪ ምርግጋጽ ንደቂ ሓዉ - ንህጻናት መብራህቱን ተኽልዝጊን - ተማሊኡ ናብ ምስዛናይ ደያቢ'ሞ፡ ኣብቲ ዓዲ ምስ ወዱ ተስፋኣለም ገረኽስቶስ ጉዳይ ሓዙ ገበረ። ናቱን ሰድራቤት ሓዉን ድርብ ሓዘን ተፈጢሩ ስለዝነበረ፡ ምስ ኣብ ኣስመራ ዝነበሩ ኣሕዋቱ ክራኸብ ነይሩዎ። ንመብራህቱን ተኽልዝጊን እውን ምስቶም ሒደት መዓልታት ቅድሚ'ቲ ግፍዒ ዝተፈጸመሉ ዕለት ናብ ኣስመራ ዝደየቡ ክልተ ኣሕዋቶም ክራኽቦም ስለ ዝነበሮ፡ ጉዕዞኡ ናብ ኣስመራ ቀጸለ። ኣስመራ ኣትዩም ኣብ እንዳ ኣቶ ሃይለ ዘርኣ እምበጋልያኖ ኩይናም ሓዘኖም እናገበሩ ኸለዉ ድማ እያ ሰንበቱ ሓብቶም ካብ ዓዲጥልያን ዝመጸኣት።

ሰንበቱ ብዘዕባ ሞት ሓዋ፡ ኣንስቲ ኣሕዋታን ደቂ ሓዋን ኣስመራ ድሕሪ ምእታዋ ሳልስቲ ምስ ገበረት እያ ተገብረ። ከም'ኡ ዓይነት ጅምላዊ ቅዝፈት ኣሰንባዲ ስለዝኾነ ሰንበቱ ምስ ተዋገረት ሂወታ ኣጥፍኣት።

ደቂ ኣቶ ገብረእየሱስ'ውን ንክሕከሙ ተኣኻኺቦም ናብ ኣስመራ ሆስፒታል መቐበሃይወት ተላእኩ። ሓድሕዶም ኣለይትን ተኣለይትን ኩይኖም ኣብቲ ሕክምና እንክለዉ፡ ህጻን ኣብርሃጼን ብሰንኪ ናፍቖት ኣብ ኢድ ዓባይ ሓብታ ግደይ ሞተት። ድሕሪ'ዚ እቶም ዝተረፉ ኣርባዕተ ኣሕዋት ብሓገዝ ካተሊካዊት ማሕበር፡ ኣብ ትሕቲ ወይዘሮ ዛይድ ኣብርሃ እናተኣልዩ ዓበዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግደይ ገብረእየሱስ ኣብ ኣስመራ ገጀረት፤ ኣድሓኑት ኣብ ሃገረ ጥልያን፤ ጸጋ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ይነብራ ኣለዋ። ሕድሪ ገብረእየሱስ ግኑ ሰርዓት ወያነ ኣብ ዝወለዖ ኩናት ሳልሳይ ወራር ኣብ ዓይጋ ተሰዊኡ። ኣቶ ገብረእየሱስ ጸጋይ ድማ፡ በቲ ሽዑ ዝወረዶ መቕሰልቲ ሰንከሉ ኣብ ዓዲ ይነብር ኣሎ።

ደቂ ኣቶ ወልደስላሰ ዘርኣ ግኑ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣሞኦም ሰንበቱ እዮም ዓብዮም። ኣብቲ መጀመርታ፡ ናብ ሃገር ጀርመን ክለኣኹ'ሞ ኣብ ትሕቲ ገበርቲ ሰናይ ክዕብዩ ዝብል ሓሳብ ተላዒሉ ነይሩ። ሓወቦኦም ኣቶ ሃይለ ዘርኣን ኣሞኦም ወይዘሮ ህድኣት ዘርኣን፡ ኑቶም ቈልዑ ንምልኣኾም ኣብ ምምሕዳራት ቀብሊ 10 ቅጥዒታት ንምምላእ ሰራሕ ጀመሩ። ይኹን'ምበር ሰንበቱ ስለ ዘይደገፈቶ እቲ ተበግሶ ተሰረዘ፡ ንሱ፡ "ደቂ ሓወይ ናብ ወጻኢ ሃገር እንተ ተላኢኾም መንነቶም ከጥፍኡ እዮም። ካብ ሕጂ ንደሓር ባዕለይ ክናብዮምን ከምህሮምን እየ። ኣብዛ ገዛይ ይእተዉ፤ ካብቲ ዘለኹዎ ሃገር እናተመላለስኩ ክከታተሎም እየ" በለት። መብጽዓኣ'ውን ፈጸመት። ኩላቶም ተማሂሮም ክሳብ ራብዓይ ዓመት ዩኒቨርሲቲ በጺሖም። ሕጂ፡ ብዘይካ መብራህቱ ሉተናንት ክፍሊማርያም፡ ተኽልዝጊ ሰብ ሓዳር እዮም።

እንተ ሰንበቱ ዘርኣ ግኑ ኣብቲ ነፃም ደቂ ሓዋ ከተዕቢ መብጽዓ ዝኣተወትሉ ግዜ ክትምርዖን ክትወልድን ትኽእል ንእሸቶ'ኳ እንተ ነበረት፡ "ደገም ደቂ ሓወይ እዮም ደቀይ፡" ኢላ ምምርዓው ኣበየት። ንደቂ ሓዋ ኣብ ዝበጽሕ ኣብጺሓ ናይ ማይ-ተመናይ ገዛኣ'ውን ኣውረሰቶም። ኣብ ጥሪ 2015 ዓ.ም ከኣ ሓሚማ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልየት።

**ምንጪ፤ መጽሓፍ "ስዕረት" ከም'ኡ'ውን ኣብ መጽሓፍ "ግፍዒ" ጉየሐ ሓመርቶቕ ብሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል**




የማን ኣቶ ተኽላይ ኣብርሃ ምስ ጸሓፊ - 2014 ዓ/ም ደናጉል

## ማዕረ-ማዕረ

መስፍን ተስፋይ

ኣብ መፋርቕ 1975፡ ጅምዕ መሓመድ ካብ መታሕት፡ ዳዊት ሃይለ ድማ ካብ ከበሳታት ኤርትራ ኣብ መደበር ታዕሊም እማዝምመት ተራኸቡ። እዞም ኣብ ክፍሊ ታዕሊም 20 ዓመቶም ዝተመሙ ወርጠበታት፡ ኣብ ዝተራኸቡሉ ግዜ ዕላሎም ኣይውዳእን'ዩ። ነጸላ ናይ ሓዲኦም ኣንጺፎም ክድቅሱ ኸለዉ ናይ ሓዲኦም ከኣ ይኸደንዎ'ሞ፡ "ዝረባ ኣቋርጽ" ክሳብ ዝበሃሉ ጉጅም ክቡሉ ይውዕሉን ይሓድሩን። ጅምዕ ዕንጸይቲ ኣብ ዝወፍረሉ ግዜ፡ ናቱን ናይ ዳዊትን ኣርዩ ይቐርብ። ዳዊት ግዜ ኣብ ዝረኸበሉ ኸኣ፡ ንጅምዕ ፊደላት ከቐጽሮ ይጽዕር። እዚ ስጡም ርክብ'ዚ፡ ንኽልቲኦም የማይትን ጸጋመይትን ጡብ ናይ ሓንቲ ኣደ ጠበዮም ከም ዝዓበዩ ንሓድሕዶም ሕሉፉ ፍቕሪ ነበሮም።

ሓንቲ ንኽልቲኦም ተጨንቕ ጉዳይ ግን ነይራ። ኣብ ተወዚዕ ናብ በበይኑ ኣሃዱታት ከይፈላለዩ ኩሉ ግዜ ምስ ኣተሓሳሰቡዎም እዩ። ከምዚ ኢሎም ንታዕሊም ዛዚሞም'ሞ እታ ተፍርሖም ግዜ ምውዛዕ ኣርከበት። ፐርሰነል ክፍሊ ታዕሊም ኣብ ቅድሚ ተዓለምቲ ደው ኢሉ "ጅምዕ መሓመድ … በርህ ተወልደ … ዑመር ዓሊ… ኢሉ" ጸዊዑ። ጅምዕ ናብ ዝተባህሎ ማሰርዕ ኣተወ። ዳዊት ኣሰር ጅምዕ ክኽተል ብዝሸ'ኳ እንተ በሉ "ተመለስ … መን ጸዊዑካ?" በለ እቲ ኣሰማት ዝጽውዕ ዝነበረ። ድሕሪ'ዛ ደቒቕ'ዚኣ፡ እቶም ብዙሖቶም "ክናናን ምናናን" እናተባህሉ ዝጽውዑ ዝነበሩ ብጾት፡ "ኣብ ዓወት የራኽበና" ተባሂሎም ኣእዳዎም እናወዛወዙ ተፈላልዮም።

ጅምዕ ኣብታ ኣብ ከባቢ ዓንሰባ እናተንቀሳቐሰት ጸላኢ ተጥቅዕ ዝነበረት ብወዲ ባረን ወዲ ሰለሙን ትምራሕ ቦጦሎኒ - 2 ተመደበ። መጀመርያ ዝተዋህቦ ዕማም፡ ሸርጥ ኣብ ምምላእን ብሬን ኣብ ምውልዋልን ተሓጋጊዚ መድፍዓጂ ብረይን ነበረ። "መኣስየ ኣዛ ብረይን ዘውንና? መኣስዩ ጅምዕ መድፋዓጂ ብረይን እናተባህለ ዝጽዋዕ?" ዝብል ኣተሓሳስባ ድቃስ ከልኦ።

ቦጠሎኒ 2፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ሰነ 1976፡ ንመዓስከር ኮማንደስ ሃብረንጋቓ ኣጥቂዓት። ኣብዚ መጥቃዕቲ'ዚ ቀዳማይ መድፋዓጂ ብሬን ወዲ ሓጺታይ ተሰውኣ'ሞ፡ ጅምዕ ብመሰዋእቲ መምህሩ ኣዝዩ እናሓዘነ ሓላፍነት ናይታ ብረይን ተሰከመ። ቀጥታ ንወዲ ሓጺታይ ተኪኡ ብሬን ተረኪቡ ኽእለቱን ጅግንነቱን ኣማስከረ። ንጅምዕ ብዘይካ ጥሜት ኩሉ ቀሊል እዩ። "እንጀራ ዘይብልዑት ኣጻብዕ ቃታ ክትስሕብ ኣይትኽእልን'ያ" እዩ ዝብል ዝነበረ። ጸላኢ ተንቀሳቒሱ ኣብ ዝሓለሉ ግዜ፡ ብሬን ኣልዒሉ ጎቦን ኩርባን ክወጽእ ዝቕድሞ ኣይነበረን። ደቂ ጋንታኡ ብስራሑ ስለ ዝዓገቡ፡ "መቐሰን" ዝብል ሳጓ ኣጠሚቖሞ። እዝጊኣብሄር ዝጸልኣሉ ወተሃደር'ዩ ኣብ ቅድሚ ጅምዕ ዝጸንሕ" ኸኣ ይብሉዎ።

እታ ኣብ መዓልቲ ደጋጊሙ ዝወላውላ ብሬኑ፡ ኣብ ውግእ 20-30 ወተሃደር እንተዘይ ቀቲላ፡ ንሳ ከም ዝሓመቐት ወሲዱ፡ ዓው ኢሉ'ዩ ዝጉሃ። ንጅምዕ ንዓ መንገዲ ክልተ ሰለስተ ሰዓት ተጓዒዝካ ማይ ኣምጽእ፡ ኣብዚ ጎቦ ሓኹርካ ዋርድያ ውጻእ … ኢልካዮ ብሓጎሰ'ዩ ዝቕበሎ። ንሓንቲ ሰዓት ፖለቲካ ተመሃር እንተ ኢልካዮ ግን ባህ ከይበሎ እዩ ዝኸይድ። "ንጸላኢ'ኻ ኣይትንዓቆ ኣይተድንቆ" ዝበሎ ኣበሃህላታት'ውን ኣመና'ዩ ዝጸልኦ። ድሕሪ ግዜ ነታ "ኣብ መሃይም ሕብረተሰብ ነጻነት ትርጉም የብሉን" ትብል ኣበሃህላ ክርዕማ ኸሎ፡ ነታ "ንጸላኢ'ኻ ኣይተድንቆ ኣይትንዓቆ" ትብል ኣበሃህላ ግኑ ንጸላኢ ዱል ዝሀበ ዘሎ ግዲ ዝሰምዖ ኹይኑ ጨሪሱ ኣይተቐበላን።

ጅምዕ ጥይት ጸላኢ ዘቐስሎ ዝበሰዖ ዝቖትል ኣይመስሎን'ዩ። ኣብ ውግእ ንጸላኢ ተኩሱ እንተ ኣውዲቑዎ፡ ብድድ ኢሉ "ዓወት ንሓፋሽ" ኣልካ ናይ ምጭራሕ ሓደገኛ ባህሪ ነሮ። ንኣብነት ሓሙሽተ ወተሃደራት እንተኣውዲቑ ሓሙሽተ ሳዕ ሓፍ ይብል። በዚ ተግባር እዚኡ፡ ምስ መራሒ ጋንታኡ ኣብዓፉን ወትሩ ምስ ተጋረጨወ እዩ። ተቐጺዑ ኣብ ጸሓይ ፊፊው ዝበለሉ ግዜ'ውን ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ 1976 ቦጦሎኒታት 2ን 3ን ንሕርሻ ዒላብርዕድ ኣብ ዘጠቕዓሉ ግዜ፡ ጅምዕ ከም ኣመሉ ንወተሃደራት ጸላኢ ርእሲ-ርእሶም መንጠሉ መንጠሉ ምስ ኣውደቐም፡ "ዓወት ንሓፋሽ!!" ክብል ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ፡ ካብ ርሑቕ ዝተተኩሰት ጥይት ግንባሩ ሃሪማቶ። ብኡቱ ነዊሕ ተጓዒዞም ሕክምና ፍልፍል ኣብጺሖም። ነታ ቃሪዛ ካብ ዝተቐበሉ ሓደ ዳዊት - እቲ መተዓልምቲ ጅምዕ እዩ ዝነበረ። ዳዊት ነቲ ማሳይታ ወረቐት ምስ ኣንበበ፡ ጅምዕ እቲ ዓርኩ ምዃኑ ኣረጋገጸ። ዳዊት ብዝንቀውታ ንጅምዕ ኣብ ምዕንርቲ ጠብ ጠብ ኣቢሉ ከቢረብሮ ፈተኑ፡ ጅምዕ ኣዒንቱ የማነን ጸጋምን'ኳ እንተ ኣንቀሳቐሰን መልሲ ግን ኣይሃበን። ሓኪይም ንጅምዕ ንምድሓን ጸዒሮም፡ ኣብ መወዳእታ ግን ኣይተዓወቱን ተሰዊኡ።

ዳዊት፡ ዓርኩን ብጻዩን ጅምዕ ኣብ ማእቶት ክፍሊ-ታዕሊም ክሕግዞ ዕንጸይቲ ጠሚሩ ከስከሞ፣ ናቱ ኣብጺሑ ተመሊሱ ክቐበሎን ክስከመሉን … ኸሎን ዕላሉን ዘኪሩ ነበዐ። መራሒመሰርዕ ሕክምና፡ መሓሪ ኣብርሃም (መራሒ ሓይሊ) "ዳዊት ተጋዳላይ ኣይነብዕን፡ ንዓ ግዳ ኣፍራዛን ባዴላን ሓዚካ ስዓበኒ" ኢሉዎ ንክቕብሩዎ ሓገዞ ሓተተ። ከምቲ ዝበሎ ኸኣ እናተበራረዩ ጉድጓድ ኩዒቶም። መራሒ ሓይሊ፡ "ኢታ፡ ቁመት ናይ'ዚ ሰወእ'ኳ ዘይዓቀንኩዎ" ብምባል ሬሳ ጅምዕ ክዕቅን ብዓለ በሉ፡ ዳዊት ከኣ፡ "ምስ ጅምዕ ብሓንሳእ'ኮ ኢና ተዓሊምና፡ ቀመትና ሓደ እዩ፡ ባዕለይ ክዕቅኖ'የ" ብምባል፡ መሓውሩ ሰጥ ኣቢሉ ኣብቲ ጉድጓድ ብምድቃሱ "በዚኣ ጸቢባ ኣላ ነኻፋሓያ፡ በዚኣ ድማ ሓጺራ ኣላ ንወሰኸላ" ክብል ርእይቶ ሃበ።

በዚ ኣገባብ'ዚ ዳዊትን እቲ መራሒ ሓይልን ምኹዓት ጉድጓድ ወዲኦም ሬሳ ጅምዕ ንምቕባር ተሰኪሞሞ ናብ መቓብር እናተጓዕዙ ኸለዉ፡ ንዳዊት ገለ ነገር ኣብ ፈርሲ ዳንጋኡ ቀጮ! ኣበሎ። ግን ብዙሕ ግምት ከይሃቦ ሰጒሙ። እንተኾኑ ዳዊት ሕማቕ ስለ ዝተሰምዖ፡ "ዕግርግር ይብለኒ ኣሎ!" ኢሉ ናብ ላብራቶሪ ተመልሰ፡ ከም ጠባይ ኣትማን ከቢቢ ፍልፍሉ እንተ ነኺሶምኻ ኣየላብዉን እዮም። ከም'ኡ ስለዝኾኑ፡ ድሕሪ 20 ደቒቕ ዳዊት ኣሰር ጅምዕ ሰዒቡ፣ ተሰዊኡ። መራሒ ሓይልን ብጾቱን ንዳዊት ኣብታ ባዕሉ ዝዀቶና ጉድጓድ ክቕብርዎ ከለዉ፡ ንጅምዕ ድማ ኣብ ጎድኒ ዳዊት ጉድጓድ ኩዒቶም 'ማዕረ ማዕረ ገደርም ቀበሩዎም።

**ምንጪ. ሓበሬታ፦ ካብ ቓለ መሕትት መሓሪ ኣብርሃም (መራሒ ሓይሊ) - ኣስመራ 7 ሰነ 2023**

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ግሉጽነት



ግሉጽነት ማለት ዝኾነ ሰብ ሓሳባቱ፡ ስምዒታቱ፡ ድሌታቱን ባህግታቱን ብገዛእ ርእሱ ብቐጥታን ቅኑዕን ኣገባብ፡ ንመሰላትን ድሌታትን ካልኦት ሰባት ኣብ ግምት ብምእታው ክገልጽ እንከሎ ዘንጸባርቖ ናይ ምብህሃል ዓይነታዊ ባህሪ'ዩ። ብሓፈሻ ግሉጽነት ኒቲ ክትብሎ እትደሊ ብስነ-ስርዓትን ብዘይስክፍታን ምግላጽ'ዩ። ንኣዘዮም ስምዒታውያን ሰባት ኣዝዩ ከቢድ እዩ። እቲ ምንታይሲ ሽግራትን ጸገማትን ባዕሎም ንኽዕረዩ እዮም ዝጽበዩ።

ግሉጽነት ኣብ እንምስርቶም ዝተፈላለዩ ዝምድናታት፡ እዘውትርዎ ናይ ስራሕ ስምምዓትን ክርክራትን፡ እንሰክሞም ሓላፍነታት፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ እነካይዶም ስራሓትን ርክባትን ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር'ዩ።

ንግሉጽነት ሓንሳብ ኣብ ወሽጥና እንተ ደኣ ኣሰሪጽናዮ ደሞ፡ ዝበለጸ ክንነብር፡ ምሉእ ርእሰ ተኣማንነት ከም እንውንን ናይ ገዛእ ርእስና ውሳኔታት ከም እንወስድ፡ ሰባት ኣብ ልዕሌና ዘለዎም ኣኽብሮትን ፍቕርን ከም ዝዓብ ከምኡ'ውን ኣብ ዕላማናን እምነትናን ዘለና ሓቀኛነት ከም ዝቕጽል ይገብረና።

ኣብ ወጽኢታት ውልቃዊ ይኹን ሞያዊ ህይወትና ዕጉባት እንተ ደኣ ዘይኮንና፡ እቲ ዝጎደለ ግሉጽነት የድልየና ከም ዘሎ እዩ ዘርኢ።

ኣብ ሞያዊ ስራሕ ግልጹነት ምህላው፡ ኣገዳሲ እዩ። ንእትደልዮን ዘይትደልዮን ነገራት ብገዛእ ርእስኻ ብቐጥታ ብቕንዕና፡ ብዘይቅቡልነታን ብቓላት ምግላጽ።

ምስ ካልኦት ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ኣብ እትዛረበሉ እዋን ንሓበሻ ብልክዕ ትረኽቦ፡ ብዛዕባ ውሽጣዊ ኩነታትካ ብዙሕ ትርዳእን ትፈልጦን። ብእኡ መጠን ከኣ ንቲ ምስ ካልኦት ክትምስርቶ ትደልዮ ዘለኻ ዝምድና፡ ኣብቲ ዝደለ ደረጃ ክተብጽሖ ትኽእል። ኣእምሮኻ ከፊትካ ብግልጽን ቅንዕናን ኣብ እትዛረበሉ፡ ህሞት ካብቲ ሰብ እትሓተሉ እትፈርሓሉ ወይ እትጠራጠረሉ ክህሉ ኣይክእልን። ምኽንያቱ ብእምነት ኢኻ ትዛረብ ዘለኻ። ግሉጽነት ምህላው ኣብ መንጎኻን ካልኦት ሰባትን ክህሉ ንዘጎድእ ውሽጣዊ ሌላን ኣፍልጦን የዕቢ። ኣቦናይ ኣርእስቲ ከም እትሰማምዕን ዘይትሰማምዕን ብኣጋ ክብርሃልካ ከኣ ይኽእል።

ኩሉ ሰብ ኻናቱ ምስጢር ኣለዎ። ገለ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝገበርናዮ ኣብር እሞ ሕጂ ክንዛረበሉ ዘሕፍረና። ንሓዋሩ ክንውንኖም ዘይንደሊ ግን ከኣ ኣብ ሕሉፍ ህይወትና ዘጋጥመና ስምዒታት፡ ምስ ዝህሉ ኣብ መንጎትና ጸገም ከየምጽኡ ኢልና ዝገመትናዮን ካልእን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኒቲ ምስጢር ብኽፍኣት ዘይኮነ ሃዲእካን ሓሲብካን ክትዛረበሉ ምፍታን እቲ ዝበለጸ እዩ። ገለ ከይተዛረብናሉ ምሳና ዝተርፍ ክህሉ'ውን ይኽእል። ግሉጽነት ካብ ካልኦት ተቐባልነትን ተፈታውነትን እትረኽበሉ እንኮ መንገዲ ኣይኮነን። እንተኾነ ኒቲ ምስ ካልኦት እንምስርቶ ዝምድና ዓሚቕን ድልዱልን ክኸውን ካብ ዝገብሩ ረቛሒታት ሓደ እዩ።

## ኢሶራዳ ዶንሳን

ኣደ ዘመናዊ ትልሂት ምኳና እትፍለጥ ኢሶራዳ ዶንሳን 26 ግንቦት 1877 ኣብ ካሊፎርንያ ኣመሪካ ተወልደት። ብስዕሃዩቲትን ብዘመናዊ ትልሂትን ኣብ መላእ ኤውሮጳን ኣመሪካን ዓቢ ናእዳ ረኺባ ኢያ። ካብ ጓል 22 ዓመት ጀሚራ ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካን ሩስያን ትንብርን ትሰዕስዕን ነይራ። ንሳ ካብ ክሱዳ ሻርባ ትፈሊ ኣይነበረትን። ህያብ መሓዝኣ ሜሪ ደስቲ ዝኾነት ብኣድ ዝተቐበለቶ ነዋሕ ሻርባ ወድያ ኣብ መስከረም 1927 ካብ ገዛኣ ተበጊሳ ብመኪና ኣብ ትጎዓዘሉ ዝነበረት እዋን፡ እቲ ኣብ ክሱዳ ዝነበረ ሻርባ ብንፋስ እናንበልበለ ብመስኮት ናይ መኪና ክቕልቀል ጀመረ። ከየስተውዓለትሉ ደማ ናብ ጎማ መኪና ብምእታው ክሱዳ ክሓንቃ ጀመረ። ኢሶራዳ ካብቲ ሓደገኛ ፈተነ ንምግልጋል ዝከኣላ ገበረት። እንተኾነ እቲ ሻርባ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ጎማ ተቐርቂሩ ብምንባሩ ንኽሱዳ ሓኒቑ ምኽንያት ሕልፈት ህይወታ ኮይኑ። ካብ ግዜ ንእስነታ ትምህርቲ ሳዕሳዒት ምምሃር ዝጀመረት ኢሶራዳ ዶንሳን ሓንቲ ካብቶም ኣብ ታሪኽ ሳዕሳዒት ዓበይቲ መሃዚቲ ዓቢ ስም ዘትረፈት'ያ። ብ12 ግንቦት 1922 ምስቲ ብዕስርተ ሸሞንተ ዓመት ዝንእሳ ዝነበረ ገጣሚ ሰርጌይ የሰኒን ተመርዕወት። ድሕሪ ብሓደጋ ሞት ክልተ ደቃ፡ ርጉእነት ዘይብሉ ህይወት እያ የሕለፈት። ብዘጽሓፈቶም ሚላ ሳዕሳዒት ዝገልጹ ፍልስፍናዊ ጽሑፋት፡ ብዝተፈላለዩ ጽሑፍቲ ኣድናቖት ረኺባ'ያ። ኢሶራዳ ዶንሳን ብእትፈትዎ ዓይነት ቅዲ ኣከዳድና ህይወታ ዝሓለፈት ጓለንስተይቲ ኢያ።



## ብዛዕባ ኦቲዝም

ሕማም ኦቲዝም፡ ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ ዓመታት ዕድመ ደቂሰብ ዘጋጥም ኣብ ስርዓት መትንታት ዝርከ ዘይስሩዕ ምዕባለ ሓንጎል እዩ። ንንብር ንጥፈታት ሓንጎል ደማ ይትንክፍ። ጠንቂ ሕማም ኦቲዝም ብልክዕ ንምፍላጥ፡ ሊቃውንቲ ስነ-ሕክምና ተወርሶኣዊ ባእታታት (ጂን) እዮም ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ሕማም ከም ዝኾኑ ይገልጹ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ስርዓት-መትንታት ዘጋጥም ጉድኣት ካልእ ምኽንያት ክኸውን እንከሎ፡ ኣመጋግባን ኣብ ክታበታት ዝርከብ ሜርኩሪን እውን ካልኦት ምኽንያታት ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ይግለጽ እዩ። ብፍላይ፡ ምስ ክታበት ተታሓሒዙ ኣዝዩ ብዙሕ ስክፍታታት ይመጽእ እኳ እንተኾነ ኒቲ ሕማም ጠንቂ ክኸውን ከም ዘይክእል ግን ሰብ ሞያ ሕክምና ይሕብሩ እዮም።

ኦቲዝም ዘጋጠሞ ህጻን ኣብ መበል 18 ወርሑ ብዘርእዮ ምልክታት እዩ ክንጸር ዝጀምር። ፍወሳታት ሕማም ኦቲዝም፡ ኒቲ በዚ ሕማም ዝተጠቕዐ ሰብ ዘጋጥሞ ጸቕጥን ካልእ ስምዒታትን ንምቅላል እዩ ረብሓኦም። እቲ ቀንዲ ኣገባብ ፍወሳ ናይ'ዚ ሕማም ኣብቲ እቲ ሕሙም ዘንጸባርቖም ምልክታት ተመርኲሱ ዝካየድ ናይ ስነ ኣእምሮ ፍወሳ እዩ። ካልእ ብሕክምናዊ ኣገባብ ዘይተረጋገጹ ዓይነት ፍወሳታት እውን ይፍተኑ እዮም። ንኣብነት ፍሉይ ዝኾነ ኣመጋግባ ምዝውታር ሓደ ካብቲ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ዘይብሉ ኣገባብ እዩ። በዚ ሕማም ዝተጠቕዑ ሰባት ብዕድመ እናወሰኹ ኣብ ዝኸዱሉ ግዜ ምስ ሰባት ርክብ ምፍጣር ግድን እናኾነ ስለ ዝኸይድ ደማ፡ ኣብ መዓይ ትምህርቲ ይኹን ስራሕ ከይጸገሙ ምስ ሰባት ንብር ንጥፈታት ኣብ ምግባር ዝሕግዞም ነገራት በብዓይነቱ እናተማልኣ ይኸይድ። ኣዝዩ ዝተፈለየ ባህሪ ዘውንኑ ግዳያት ደማ፡ ምስቲ ዘለዎም ጠባይ ዝሰማምዕ እናሰርሑ ህይወቶም ኣብ ምምራሕ ይርከቡ። እቲ ዝያዳ ዝሰማምዖም ዓይነት ስራሕ ከኣ ምስ ግዜን ኩነታትን ዝቀያየር ባህሪ ዘለዎ ስራሕ ዘይኮነ፡ ብሓደ ውሱን ሕጊ ተቖይዱ ዝትግበር ዓይነት ስራሕ እዩ።



## ሳዕቤናት ትሕቲ-ዕድመ መርዓ

መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ክንብል ከለና፡ ዋላ'ኳ እቲ ሳዕቤኑ ዝያዳ ንደቂ-ኣንስትዮ ዝሓሲ እንተኾኑ፡ ዝኾነ ቅድሚ 18 ዓመት ዝግበር መርዓ ንኽልቲኡ ጾታታት ዝምልከት ሃሰያ ከም ዘለዎ እዮም ሞያውያን ዝገልጹ።

ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ቅድሚ 18 ዓመት ክትምርዖ ኣይግባእን እዩ። ምኽንያቱ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ማእከላይን መወዳእታን ደረጃታት ግርዘወና ኣብ መንጎ 14ን 18ን ዓመት ብኣካል፡ ብኣእምሮን ብማሕበራዊ ናብራን ኣዝዩ ቅልጡፍ ዕብየትን ምዕባለን ስለ ዘርእያ፡ ኣዋልድ ቅድሚ ኣደታት ምኳነን፡ ኣደታት ንምኳን ዘብቅዐን ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዕብየት ክሳብ ዝድልባ ግዜ ክወሃበን የድሊ። ድሕሪ 17 ዓመት ዝርአ ናይ መወዳእታ ደረጃ ግርዘወና ምስ ሓለፈት እያ - ንመርዓን ወሊድን ድልውቲ ክትከውን እትኽእል።

ሳዕቤናት መርዓ ትሕቲ-ዕድመ

• ኣብቲ ናይ ሕርሲ መስርሕ ዝዋሳእ ኣካላት ናይታ ጓልኣንስተይቲ ብምዕቡእ ስለ ዘይዓበን ዘይዳለን ኣብ ግዜ ሕርሲ ብዙሕ ጸገማት ክጋጥም ይኽእል። ኣብ ትሕቲ ዕድመ ካብ ዘጋጥሙ ጸገማት ሓደ ብሰንኪ ብምዕቡእ ዘይዓበየ ጎሎ ዘጋጥም ጸበት እዩ። ዕሽል ኒቲ መስርሕ ሓልዩ ብጸቡቕ ናብ መትረብ ክወርድ ስለ ዘይክእል፡ ከይወረደ ንብዙሕ ሰዓታት ወይ መዓልታት ይጸንሕ። ከም ሳዕቤኑ፥ ሕርሲ ብንቡር ክውዳእ ኣይክእልን።

• ኣካላታ ብምዕቡእ ስለ ዘይዓበየን ዘይተዳለወን ኣብ ግዜ ጾታዊ ርክብ ዝኾነ ማህሰይቲ ክጋጥም ይኽእል። ከቢድ ርሕማዊ መቕደድቲን ቃንዛን ክጋጥማ ይኽእል።

• ጎሎኣ ኣብ'ቲ ዝድለ ምዕባለን ዕብየትን ስለዘይበጽሐ፥ ኒቲ ዘጋጥም ጥንሲ ክጸውር ኣይክእልን እዩ።

• ብሰንኪ ጥንስን ሕርስን ከጋጥማ ናይ ዘኽእል ሳዕቤናት ግዳይ ትኸውን።

• ጎሎኣ ብምዕቡእ ስለ ዘይዓበ፡ ኣብ ግዜ ሕርሲ እቲ ቄልዓ ንታሕቲ ገጹ ክሓልፍ ኣይክእልን።

• ዕጉት ሕርሲ ከጋጥማ ይኽእል። ዕጉት ሕርሲ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ጠንቂ ሞት ኣደታት እዩ።

• ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝጋጥማ ባህርያዊ ለውጥታት ክትጻወሮ ዓቕሚ የብላን።



## ጥቕሲታት ሕብራዊት ብርዒ

• "እቲ ዝበለጸ መጻኢኻ እትግምተሉ መገዲ ባዕልኻ ክትፈጥሮ ከለኻ'ዩ።" - **ኣብርሃም ሊንከን**

• "ጸወታ ናይ ቁልዕነት ስራሕ እዩ።" - **ጂን ፒያጀ**

• "ኩሉ ግዜ ዝከኣለካ ግበር፡ እቲ ምንታይ ሕጂ ዝሰራሕካዮ ድሒርካ ክትዓጽዶ ኢኻ።" - **ኦግ ማንዲኖ**

• "ኩሉ እትደልዮ እቲ ካልእ ሸነኽ ፍርሒ እዩ።" - **ጃክ ካንፊልድ**

• "ግዜ ቅኑዕ ነገር ንምግባር ኩሉ ግዜ ቅኑዕ እዩ።" - **ማርቲን ሉተር ኪንግ**

• "ለውጢ ናይ መወዳእታ ውጽኢት ናይ ኩሉ ሓቀኛ ትምህርቲ እዩ።" - **ሊዮ በስካግልያ**

• "ንገዛእ ርእስና ብኣድማዒ መንገዲ ንምቕያር፡ መጀመርታ ኣረኣእያና ክንቕይር ኣለና።" - **ስቲቨን ኣር ኮቪ**

• "ሓደ ቈልዓ፡ ሓደ መምህር፡ ሓንቲ መጽሓፍ፡ ሓንቲ ብርዒ ንዓለም ክቕይራ ይኽእል እዩ።" - **ማላላ የሱፍዛይ**

• "ሰባት ንዝበልካዮን ዝፈጸምካዮን ዝርስዑ ምኳኖም፡ እንተኾነ ኒቲ ኣብ ልዕሊኦም እተሕድሮ ስምዒት ፍጹም ክርስዕዎ ከም ዘይክእሉ ተማሂረ።" - **ማያ ኣንጀሎ**

# ስለ ሃገርን ህዝብን

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ክፋል

እቲ ቦርሳ ብዙሕ ክዓውንቲ ስለ ዘይተኣበሮ፡ እቲ ብውሽጢ ዝዘሰፍዋ ሻርኤራ ደረአ ነበረ። እዚ ስለ ዝተዓዘበትʼያ ድማ እታ ፈታሺት ዝተጠራጠረት። ኑቲ



ስዉእ ኣብርሃም ተኽለ (ወዲ ዓንደለ)

ሻርኤራ ከፈተቶ። ኢዳ ኣእትያ ድማ፡ ክሱብ እትርእዮ እንታይኑ፡ ዘየረጋግጹቶ ሽጉጥ ምስ ኣውጽኣት፡ ኣውያት ፈነወት። ማስጥራዊ ገዛ ተኸሺሑ። እዚ ክኸውን ከሎ ዝተዓዘበ ወዲ ባሻይ፡ ንእሉቱ ናብ መውጽኢ ኣፍደገ ጉዱ ሰጎሙ፡ ዋርድያታት ናይʼቲ ቐጽሪ፡ ሓንሳብ ምስ ኣተወ ክወጽእ ከም ዘይክእል ነገሮም ደው እንተʼበሉዎʼኳ፡ "ዝረሳዕኩዎ ወረቐት ኣሎ - ቀልጢፈ ክምለሰʼየ" እናበለ ስጉምቱ ኣየቋረጸን። ተቐላጢፉ ናብʼቲ ኣብ ደገ ኾይኑ ከኑታትዮም ዝከታተል ዝነበረ ቐላቲ በጽሐ። ቡታ መኪና በረርም ከኣ ተሰወሩ።

ሓብረታ ዝበጽሖም "ኣፋኝ" ብሉ ንበሉ መጺኦም ኑቲ ኤርፖርት መልኣሉም። ጉት ኣማራጺ ስለ ዘይነበራ ካብʼቲ ቦታ ኣይተንቀሳቐሰትን። ናታ ምኳኑ ምስ ተፈልጠ፡ ብቐጥታ ኣሰርም፡ ናብ ማርያም ግምቢ ወሰዱዋ። እታ ተፈቲሻ ዝሓለፈትʼሞ፡ ደሓር ግን ዋና ዝሰኣነት ቦርሳ ኣማኑኤል እውን እንደገና ምስ ፈተሹዋ፡ ኣጻዋር ከም ዘለዋ ፈለጡ። መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ብወተሃደራትን ሰራሕተኛታት ጸጥታን ተመልአ። ንኩበሲ-ወከፍ ሰብ ፈተሹዎም። ዋናʼታ ሳንጣ ግን ኣይተረኸበን።

እዚን ካልእን ዘተሓሳሰቦም ሰራሕተኛታት ጸጥታ ኢትዮጵያ፡ ብሕልፊ ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ጸዑቕ ሃድን ተተሓሓዙዎ። ብዘይጽላል ውድብ ኣብ ኣስመራ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ፈዳኢን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ህይወቶም ኣብ ሓደጋ ወደቐት። ዋላʼኳ ወዲ ባሻይን ካልኦት ብጾቱን ንግዜኡ እንተ ተሰወሩ ጸላኢ ግን ብዝረኸቦ ዝነበረ ሓበሬታ ተሓጊዙ፡ ኣብ ከባቢኦም ካብ ምዝንባይ ኣይበኾረን።

ሓደ እዋን ድማ፡ ወተሃደራት ናብ ስድራቤት ባሻይ መብራህቱ መጺኦ። ኣማኑኤል ካብ ገዛኡ ካብ ዝርሕቕ ነዊሕ እዋን ኩይኑ ነበረ። ኣድራሻ ሐሁዎም ዝጸንሑ ወተሃደራት ደርጊ ቐጽሪ እንዳቦይ ባሻይ ኳሕኲሖሑ። ወተሃደራት፡ ንኣማኑኤል ንምርካብ ኣብ ዝሹሓ ይኹን እዋን ክፍትሹ ከም ዝኽእሉ ዝተገዝበ ኣደይ ለተብርሃን፡ ኣቕዲመን ናይ ኣማኑኤል ሰእልታትን ካልእ ከጠርጥር ዝኽእል ንብረትን ኣብ ስዙር ቦታ ቀቢረናኦ እየን።

ማዕጾ ምስ ተኸፍተ፡ ሲቪል ዝለበሱ ሰባት ናብʼተን ኣቦʼቲ ቐጽሪ ክጻወታ ዝጸንሓ ትሕቲ ዕድመ ኣሕዋት ኣማኑኤል ብረት ብምቕናዕ "እቶም ዓበይቲ ኣብይ ኣለዉ?" እናበሉ ናብ ወሽጢ ገዛ ኣተዉ።

ንኣደይ ለተብርሃን ብዛዕባ ኣማኑኤል ሓተቱወን። ንሳተን "ኣማኑኤል ካብዚ ገዛ ካብ ዝወጽእ ብዙሕ ጊዩሩ ኣሎ" ክብላ መለሰሉም። ወተሃደራት እናጉባዕበዑ፡ ንንብረት ናይʼቲ ገዛ ገማጠልዎ። እንተ ኾነ ዝኾነ ኣመት ክህቦም ዝኽእል ኣሰር ብዘይምርካቦም እናሓንሓነ፡ ኣማኑኤል ናይ ጀነራል ፈተና ክዙብር ከሎ ዝተሳእለ ንእሽቶይ ጉርዲ ስእሊ ምስ ረኸቡ፡ ኑታ ቢትቢቶ ዘእተወላ ገዛ ሕቶኣም ሂቦማ ወጽኡ።


ኣማኑኤል ብኣገዙ ጥንቃቐ ንግዜኡ ኣብ ኣስመራ ጸንሐ። ስእሉ ወሲዶም እንተ ኸዱʼኳ፡ ናይ ግዜ ንእሰቱ ስለ ዝነበረ፡ ብቐለሉ ንኽለልዩዎ ዝሕግዘ ኣይነበረን። ቤት ባሻይ መብራህቱ ኣብ ዓይኒ ጸጥታ ኢትዮጵያ ብምእታዋን ስወርን ግሁድን ሓለዋ ስለ ዝተገበረላን ግን፡ ብወለዱ ኣመና ይሻቐል ነበረ። ኑታ ጓል ሸሞንተ ዓመት ኣቢላ ዝነበረት ሓፍቱ ኤደን ድማ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክትመላለስ ከላ፡ ኣብ ዘይተጸበየቶ ቦታ ጸጊሑ ብምጽዋዕ "ንቦይ እንታይ ይብሉዎ ኣለዉ? ገዛና ከመይ ኣሎ. . .?" እናበለ ደሃይ ካብ ምሕታት ኣይበኾረን። እታ ህጻን ካብ ኣደኣ ዝሰምዓቶ ዘበለ ብዓቕማ ትዋግሮʼሞ፡ እናተደፋፍቐት ትፍለዮ ነበረት።

ኹና ዘይቀበጹን ዓቕሎም ዘጸበቡን ወተሃደራት ደርጊ፡ ድሕሪ ሓደ ወርሒ፡ ሰዓት 5 ናይ ንጉሆ ናብ ገዛ ባሻይ መብራህቱ ተመልሱ። ማዕጾ ቐጽሪ ምስ ተኳሕኲሑ፡ ለይትን ቀትርን ኣብ ስግኣት ዝነበራ ኣደይ ለተብርሃን፡ ሰራሕተኛታት ጸጥታ ናይʼቲ ስርዓት ምኳኖም ኣይጠፍኣንን። ቕድሚ ማዕጾ ምኽፋተን ድማ፡ ንባሻይ መብራህቱ "ተሰእ መጺኦሙኻ ኣለዉ" በልኦም።

ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ዝተበገሱ ብዙሓት ኖጮ ለባሽ ናብ ውሽጢ ዝወፈሩ እንክመላለሱ፡ ንወሻጠʼታ ቤት ወረሩዎ። እተው ምስ በሉ ኸኣ ንባሻይ መብራህቱ "ኣማኑኤል ኣብይ ኣሎ?" ክብሉ ኣጎጠጡሉም። ኣመጻጽኣ ናይʼቶም ኖጮ ለባሽ ዘርዕድ እንተ ነበረʼኳ፡ ባሻይ መብራህቱ ኑቲ ብዘደጋግሚ ዝቐረበሎም ሕቶ "ኣማኑኤል የለን። ካብ ገዛ ካብ ዝጠፍእ ነዊሕ ጊዩሩʼሎ" ክብሉ ኣብ መልሶም ደረቑ።

እቶም ወተሃደራት፡ ከም ዝሓለፈ ኣንጠቦም ጥራይ ኣይተመልሱን። ብኢደይ ኢደካ ኑታ ስድራ ከቡሱብሱዋ ጀመሩ። ንባሻይ መብራህቱን ንኣደይ ለተብርሃንን ብሰደፍ ብረት፡ ብኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ተሰሃሉዎም። ኑታ ትሕቲ ዕድመ ዝነበረት ልኡላ እውን ሃለዋታ ኣጥፊኣ ኣብ ምድራቤት ክሱብ እትሰጣሕ ኣይኑሓፉዋን። ሕሰቡልደ ገዛ ኤደን፡ ካብʼቲ ዝደቀሰትሉ ዓራት ብዘዕዋግታ ኾላ ምስ ፍርናሽ ምስ ገምጠልዋ፡ ኣብ ትሕቲ ዓራት ተወቲፉ ራዕራዕ እናበለት ኑቲ ትራጀዲ ትዕዘብ። ቤት ባሻይ መብራህቱ መልኣኽ ሞት ዘጽለላ በዓቲ መሰለት። ፍሓፃምን ሓሩጭምን ቢታቲናሞ፡ እኽሊ ተዘርዩ ብሐቓ ተኻዕዩ ክዓውንቲ ዛሕዚሕ ኢሉ፡ መሃሱ ዝጠፍኦ ንብረት ኑታ ገዛ መልኣ።

ብዝይኣዘ፡ እንዳ ባሻይ መብራህቱ ኣብ እምበይቶ ደኳን ስለ ዘበርሞ፡ ኑቲ ናብ



ተወልደ ገረዝግሄር

ደኳን ክለኣኽ ዝተቐረበ ኩንታል ሽኮር፡ ኩንታል ቡንን ፈሲዖ ሳሞፐን ምስ ረኣዩ፡ ከም ናይ ተጋደልቲ ንብረት ብምቑጻር "እዚኸ ናብ መን ክትሰዱዎ ኢኹም ቀሪበኩሞ፡ ናብ ወንበዴታት!" ብምባል መመለሶም ነደሩ። ኑታ ቤት መሃፍና ክሱብ ዝጠፍኣ ምስ በዝብትዋ ኾኑ ኑቲ ንብረት ወረሶም፡ ንባሻይ መብራህቱ ንጓሎም ኢልሳ ንትሕቲ ዕድመ ጓሎም ልኡላን ሰራሕተኛኦም ኪዳንን ሐሁዎም ተመርቀፉ። ሕሶስ ልደ ኤደንን እየሩሳሌምን ጥራይ ምስ ኣደኦን ተረፉ።

ንወዲ ባሻይ ምስ ሰኣኑዎ፡ ደቂ-ገዛውቱ ንዘኹሉ ብዓል በረኸት፡ ክልተ ኣሕዋት ደቂ መሰሉ፡ ተኽለይ ጴጋይ፡ ሳምሶን ጴጋይ ዝተባህሉ ኣሕዋት ዝርከቡዎም 34 መንእሰያት ደቂ-ኣርባዕተ ኣስመራ፡ እናቐጥቀጡን እናጋፍዑን ብኣልማማ ኣሰሩዎም። እዞም መንእሰያት ብዛዕባ ወዲ ባሻይ ሓበሬታ ንኸህቡ፡ ኣብ ግቢ ከም ሕሰም ተገረፉዎ፡ ጸሪሖም ድማ ናብ ሰማባል ሓለፉዎ። ገሊኣቶም ክሱብ ክልተ ዓመት ተኣሲሮሞ፡ ኣብ ቲራቮሎ እንዳ ርብቃ ሓፍቱ ከይደምʼውን ብዛዕባ ኣማኑኤል ሓተቱ። ኣብ እንዳ ሓፍቱʼውን ኣይረኸቡዎን።

ወለዱን ኣሕዋቱን ወደም ሜዳ ከም ዝወጽአ ገሚቶም እንተ ነበሩʼኳ፡ ኣብ ኣስመራ ምህላዉ ምስ ሰምዑ መሊሶም ብኻቐሎት ተሓመሱ። እታ ንጉት በየነ ተዛውራ ዝነበረት ሳባ ሓፍቱʼኳ፡ ጉት በየነ ድሕሪ ምእሳራ ስለ ዝሞገኣትን ብኣባላት ፈዳይን ክትጥንቀቕ ከም ዘለዋ ስለ ዝተሓበረትን ኣብ ስወር ቦታ ተዓቢጠት።

እታ ብፍቕሪ ማሙቓ ትካቦር ዝነበረት ስድራ ድማ በረውረው ኢላ ብሓዘን ተኸደነት።

ናብራ ናይʼቶም ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተፃለሉ ተጋደልቲ፡ ሰኣኑት መሰረታዊ ነገራትን ሃድን ወተሃደራትን ተወሲኹዎ መመለሱ ጸበበ። ዓፋኝ ሰራዊት ደርጊ ብዘረኸቦዎ ሓበሬታ፡ ኣብʼቲ ፈዳይን ክንቀሳቐሱ ዝኽእሉሉ ቦታታት ፈንፈን ምግቢ ኣጸዓቐ። ካብ ሃሱሳት ምስጢር ንጋዳ ኾኑ። ዝጠዘሉ ካብʼቶም ኣባላት ዝንቀሳቐሱሉን ዘዕርፉሉን ቦታታት ብጸላኢ ተፈልጠ። ንገሊኦም ኣብ መዕረፊኦም ከለዉ ሓደጋ ወደቑዎም። ንገለ እውን ኣብ ዝንቀሳቐሱሉ ቦታታት ብምክትታል ረኸቡዎም። ወዲ በላይ፡ ተወልደ ወዲ መኣዙ ኪዳነ ዓንደማስቀልን ሓያሎ ኻልኦትን ብዓፋኝ ተሃሪሞም ተሰውኡ።

ከቢ ገዛ እንዳቦይ ባሻይ፡ ብጠዘሊ ናይ ኢትዮጵያዊት ሰሚት ዝበርምን ኑቲ ስርዓት ዘገልግሉን ኢትዮጵያውያን ዝኑቡሩዎ ብምንባሩ፡ ምእታውን ምውጻእን ስድራቤት ባሻይ መብራህቱ ብሻሉብ ገሉበን ፍርሒን ኩኑ። ኣደይ ለተብርሃን ኣብ ግዜ ጸላም ሓደጋ ከይወድቀውን ስለ ዝሰግኣ ንገለኣን ደቀን ናብ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ንገለኣን ናብ ዕዳጋ ዓርቢ፡ ንገለኣን ድማ ናብ ጓለን ቲራቮሎ ብምስዳድ ኣብኡ ከም ዝሓድራ ይገብራ ነበራ።

ኣብʼቲ ኣስመራ ብዘይተኸሰ እንተ ሓዳራን ወዲላን ከም ተኣምር ዝቖጸረሉ ዝነበረ ግናይ እዋን፡ ኣብʼቲ ይትረፍዶ በደል ተረኺቡኳ፡ ከይተረኸበኮʼውን ቀሲንካ ዘይትኑብረሉን ዘይትንቀሳቐሰሉን ናይ ራዕዲ ግዜ፡ ንኣሕዋት ኣማኑኤል፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዳን ክምለሳን ከለዋ ከይተረፈ ዝከታተልወን ኖጮ ለባሽ ደድሕሪኣን ክስዕቡ ጀመሩ። መንበሪ ቤቶም፡ ከም እንዳ ተጋደልቲ ተቖጺሩ፡ ዝሕንሕንን ዘፈራርሕን በዝሐ።

ባሻይ መብራህቱን ኢልሳ ሓፍቱን ኣብ ኢኽስፖ ኣብ ዝነበረ ቤት ማእሰርቲ ስርዓት ደርጊ ብዮጭሳ ተቖጥቀጡ። እንተ ኾነ ግን ኣብʼ ናይ መጀመርታ መልሶም ደረቑ። ባሻይ መብራህቱ፡ ምስእ ኣካላቶም ቀሰሉ፡ ክዳን ክኸደኑ ኣብ ዘይክእልሉ ኩነት በጽሑ። ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓሶም ብሓገዝ እሱራት ኩኑ። ሰቓዮም ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናብኣሰ ብዘኸዩ ንሞት ሃረር በሉዋ። ኣመና ጉህዮም ነበሩ። ኢልሳ፡ ብሰሪ ማህረምቲ ተዓኺመት። ሰንባደ ዝኣተዋ ትሕቲ ዕድመ ልኡላʼውን ናብራ ቤት ማእሰርቲ ምጻር ሰኣነቶ።

ሰራሕተኛኦም ኪዳን፡ በቲ ዘኮላሕክሕ ማህረምቲ ዝኣክል ንዘቖረበሉ ክሲ ምስ ኣመነ ንኹሉ ምስጢር ቤት ኣቶ ባሻይ መብራህቱ ንኸርእዮም፡ ብወተሃደራት ተዓጂቡ ናብ ገዛ ባሻይ መብራህቱ መጽኡ። ኣደይ ለተብርሃን "ደገም ጥፍኣት መጺኡና" ኢለን እናሃሰባ ራዕራዕ በላ። ጎረባብቲ እውን ምስጢርን ጥፍኣትን ናይʼታ ስድራ ንኽርእዩ ኣብ ልዕሊ ገዛውቶም ኾይናም ተጻናጸኑ። ኣብʼቲ ገዛ ካብ ኪዳን ዝሕብእ ዋላ ሓንቲ ምስጢር ኣይነበረን። ዝተቐበረን ዘይተቐበረን ደፈልጦ እዩ። ፈጣሪ ደሓኑ ክበሎም ግን ኪዳን "ኣነስ ማህረምቲ ስለ ዝጠዛሓ ንኽዕርፍ ኢለ እየ እምበር፡ ዋላ ሓንቲ ዝፈልጦ ምስጢር የብለይን" ክብል ኣቕበጾም።

ገዛውቲ እንዳ ባሻይ መብራህቱ ብመንግስቲ ተወረሱʼዩ። ናይ ባንክ ሕሳቦም ደው ኢሉ። ትካል እንዳ በዓዚና ባሻይ መብራህቱ እውን ተወሰደ። እዚ ኩይኑ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ኑቲ ትካል ስርሑ ከም ዝቐጽል ብምግባር፡ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ስድራ ባሻይ መብራህቱ ክኸፍሉዎ ኣገደዶም። ናይ ወዲ ባሻይን ናይ ሰብኣይ ሓፍቱን ዘለወን ሰለስተ



ገነት በየነ

መኻይንʼውን ተወሰደን።

ዝበሩዎ ገዛ ብሶጮ ለባሽ ምስ ተኸበ፡ ናብ ዓዲ ምድሪ ምውጻእ ንጋዳ ኾኑ። ኤደንን እየሩሳሌምንʼውን ካብʼቲ ከበቢ ንኽርሕቃ፡ ኣብ ቲራቮሎ ምስ ዝነበረት ርብቃ ሓብተን ክቕመጣ ጀመራ። ኣብʼቲ ሰፈሕ ቤት፡ ኣደይ ለተብርሃን ኑታ ድሕሪ ወርሒ ካብ ቤት ማእሰርቲ ዝወጽኣት ትሕቲ ዕድመ ጓለን ልኡላ ሐዘን ተረፉ። ጓዚ ዘንቀሎ ሕማም ድማ ኣሳቐየን።

ኣማኑኤልን፡ ካብኡ ንጸየው ኣብ ኣስመራ እንተ ጸኒሑ ምርካቡ ከም ዘይተርፎ ስለ ዝኣመነ፡ ከምʼቶም ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝጸንበሩ ዝበሩ ሓያሎ ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ 1977 ምስ ገለ ብጾቱ ካብ ኣስመራ ወጺኡ ናብ ህዝባዊ ግንባር ተጸንበረ።

ድሕሪ መሪር መግረፍቲ ናብ ሰምባል ዝተመሓለለፉ ኣፍሰዘር ባሻይ መብራህቱ፡ ኣስታት ክልተ ዓመት ጸኒሖም ክፍትሑ ኸለው፡ ትንፋሶም ደኣʼምበር ኣካላቶምስ ዝተረፎ ኣይነበሮን። ኩላቶም ደቆም ፋሕፋሕ ኢሎም፡ ዝጠዘሉ ድማ ካብ ኣስመራ ወጺኦም ብምንባሮም፡ ብደቆምን ኣብ ኣካሎም ብዘወረደ ማህሰይትን ብኸበድ ተጉዳኦም። ከም ህጻን ቐልዑ ዝተጣሕሃን ምሕያኽ ዘየድልዮን መግቢ እናተመገቡ፡ ለይትን ቀትርን እናተሳቐዩን መድሃኒት እናተቐለቡን ናብራ ብስቓይ ቐጸሉዎ። ኣብ 1998 ድማ ዝወረዶም ማህሰይቲ ብዘሕደረሎም ሕማም ብሞት ተፈልዩ።

ኣብ 2002 ዓ.ም. ምስ ወ/ሮ ርሻን ጉብረህይወት ምውቕ ሓዳር መስሪቱ። ኣቦ ኣርባዕተ ቖልዑ ወዲ ባሻይ፡ ብዘይካ ኣብ ስራሕ፡ ግዜኡ ኣብ ቀንጠመንጢ ከየኸበ ዘይረኣ፤ ንደቁ ኣብ ርእሲ ትምህርቶም፡ ናብ ስርሑ ሐዙዎም ብምውፋር ምስኡ ንኽሰርሑን ፍልጠት ክኻዕብቱን እናምዓደን እናደረኸበን እዩ ኣዕቢዩዎም። ሓዳሩን ደቁን ዝፈቱ ብሕልፊ ምስ ወላዲቱ ምሕር ፍቕሪ ዝበረ ክኸውን ከሎ፡ ንዝዘጸገሙ ሰባት ብርህራህ ዝሕግዘን ዘተባብዕን ደንጊጺ ምንባሩ፡ ብቐረባ ዝፈልጡዎ፡ ከምኡ ድማ ምስኡ ዝሰርሑ ዝበሩ ይገልጹ። ምውቕ ሓዳር መስራቱ እናነበረ፡ ኣብ 2022 ዓ.ም ብምኽንያት ሕማም ካብʼዛ ዓለም ተፈልዩ።



ስድራቤት ስዉእ ኣማኑኤል መብራህቱ (ወዲ ባሻይ)

## መአረምታ

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም ገነት በየነ ተባሂሉ ዝተሓትመ ስእሊ ብኤልሳ ኣማረ ክእረም ንሕብር።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ለድያ በራኺ ሃደሉ ኣቦና ኮሎ/በራኺ ሃይለ ወልደሚካኤል ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡፡ ናይ ስውእቲ ኣዴና ለተብርሃን በርሀ መንግስቱ ድማ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሰላም ተስፋይ ተወልደመድህን፡ ተኸሳሲ ኣብርሃም የውሃንስ ጺጋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ቅረብ፡፡

ለተየሱስ ድራር ተስፉ፡ ወደይ ኣሰፋው ገብረሚካኤል ገብረትንሳኤ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣብ ሞንጎ ይግባይ በሃሊ ኣቶ ገብረሂወት ካሕሱን ወ/መልሲ ኣቶ ያሲን ሓጅ መሓመድ ዋሕስ ወራ/ነፍ/በሊይ ተከኤ ሃይሉ ኣቶ ተመስገን በላይ ተከኤን ዘሎ ናይ ገንዘብ ክርክር መልሲ፡ ዋሕስ ነፍ/በሊይ ተከኤ ሃይሉ ዝኾነ ኣቶ ተመስገን በላይ ተከኤ፡ ብውሕስነት ብወላዲኡ ኣብ ክፍሊ መጎዓዝያ ምድሪ ዞ/ማእከል ተታሒዛ እትርከብ መኪና ብቑ/ሰሌዳ ER-1-06052 ትልሉ እቲ ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊን ወ/መልስን ዝነበረ ክርክር ኣብ ናይ መውዳእታ መዕለቢ ስለ ዝበጽሐ፡ እዛ መኪና ተገይሩላ ዝጸንሐ ናይ ከይትሸየጥን ከይትልወጥን ናብ 3ይ ኣካል ከይትሰጋገርን ዝብል እግድ ትእዛዝ ክለዓለለይ ስለ ዝበሉ፣ ወ/መልሲ ኣቶ ያሲን ሓጅ መሓመድ ዝኢ ብዝምልከት ሕጋዊ ማከላኸሊ መልሰኹም ሒዝኩም ባዕልኹም ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/7/24 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቁ/37 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ከሳሲ ምሕረተኣብ ኣብርሃም ወልደሚካኤል፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ግደይ ብርሃ ኣበድ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተማስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጢ፡፡

ኣቶ ኣለም ወልደማርያም፡ ወኪል ኣቶ ሄኖክ ኣለም፡ ብፍ/በ/ማሳል ኣቶ በርሀ ገብረስላሴ ብፍ/ሰ/ዳ ኣቶ በርሀ ገብረስላሴ 2. ኣቶ በየነ ተስፋሚካኤል፡ ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሳልን ሰብ ዕዳን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ብፍ/በ/ማሳል ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ደሃብ ባህታ ሃብተ፡ ሓፍተይ ብርኽቲ ባህታ ሃብተ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ገብረሂወት ግርማይ ምባል ተሪፉ፡ ዳኒኤል ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የርሳሌም ኣንጀሎ ተስፋየውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ የርሳሌም ኤንጀል ተስፋየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣብራሃጼን ገብረስላሴ የዕበዮ፡ ብዓል ቤተይ ኣረጋይ ገብረእግዚኣብሄር ጓንጉል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ዳንኤል ኣፈወርቂ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኮኾብ ወ/ጋብር ሃብተሚካኤል፡ ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ተስፋይ ገብረክርስቶስ ኣድሓኖም፡ ኣብ ፓስፖርተይ ስመይ ብቛንቋ እንግሊዝ Tesfay Ghebrekristos Adhanom ምባል ተሪፉ፡ Tesfai Ghebrekristos Adhanom ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲ ኣቶ ማእከለ ሞኣዘነ፡ ተኸሳሲት ሄለን ኣየለ መንክር፡ ብዕለት 20/9/2015 ኦፔላ ስቶና ዝዓይነታ ናይ ገዛ መኪና ER1-12773 ቁ/ቻሲ WOL0000 8756084396 ንዋጋ 40,000 (ኣርብዓ ሽሕ) ናቕፋ ካብ ተኸሳሲት ዓዲገየ፣ እንተኾነ ስም መኪና ከተሰጋግረለይ ስለ ዘይከኣለት፡ ኣድራሻኣ ከኣ ስለ ዘይተፈልጠ ትጸውዓለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጢ፡፡

ሰሚራ ብርሃ ደፈጠር ምባል ተሪፉ፡ ሰሚራ ብርሃ መንግስተኣብ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ነጋሲ መቀረ ኣብራ ምባል ተሪፉ፡ ነጋሲ ኣረጋይ ኣብራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ፍትውቲ ሓፍትና ገነት በላይ ንጉሰ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ኣብ ጎድና ዝቖምኩምን ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡


ዳዊት በላይ ንጉሰ
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እኖፍቅራ ክብርቲ ኣዴና እትየጽሸ ተሰማ ሽሜ (ኣደይ እቴሻሽ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ገዛናን ኣብ ሕክምናን ዝተመላለስኩምና፣ ኣብ ግዜ ቀብሪ ክሳብ ሰንዓፈ ብምኻድ ብኣካል ተረኺብኩም ዘቃበርኩምና፣ ካብ ርሑቕን ቀረባን ናብ ገዛ ዝተመላለስኩምን ተቐማጦ ከተማ ሰንዓፈን ከበኣን ከምኡ'ውን ኣብ ወሽጥን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ደቃ መ/ም ተስፋይ፡ ሰወእ ኣለምሰገድ ነጋሽ ሃብቶም
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈትዎ ሓውና ኣቶ ሙሉጌታ ተስፋሚካኤል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሬሳ ካብ ኖርወይ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና ብፍላይ መተዓብይቲ ደቂ እምባጋልያኖ፣ ኣብ ኩዶፈላሲ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ምሉኣት ስድራ ቤት



ብስራት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ

PROBLEM SOLVER Of High School ENGLISH

ዘርእስታ ሓዳስ መጽሓፍ እንግሊዝኛ ብፍላይ ንተፈተንቲ ማትሪክ

ካብ ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ሓጺርን ንጹርን መግለጺ ኣብ ኩሎም ኣርእስትታት 9ይ፡ 10ይ፡ 11ን 12ን ክፍሊ
- ሕቶታት ምስ ሰፊሕ መግለጺታቶም
- ሕቶታት ምስ መልስታቶም
- ማትሪክ መሰል ሕቶታት




ንዝያዳ ሓበሬታ: 07121623- 07151337- 07377676


## VACANCY ANNOUNCEMENT

HLB Abraham Isaac & Company is a member of HLB International, a worldwide network of independent professional accounting firms and business advisors, which is ranked number 8 in the Global network ranking, is inviting applicant who is competent to fill the post of a deputy audit manager.

| | |
|---|---|
| Number required | One |
| Qualification | CA or ACCA or AIA or CPA or equivalent professional qualification |
| Experience | Post qualification experience of five years or more with an audit firm of good standing. Component audit experience is added advantage. |
| Age | 30 – 40 years of age |
| Conversant with Reporting other ERP | International Standard on Auditing (ISA), International Financial Standards (IFRS), Caseware audit software and knowledge of will be added advantage |
| Responsibility audit | To be in charge of audit of big and medium size clients, reporting to manager or partner |
| Place of work | The State of Eritrea (Horn of Africa) |
| Salary and perk | Negotiable |
| Behavioral skills | Communication (English), assertiveness, interpersonal relations, integrity self-motivation and ability to work towards strict deadlines |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዓንሰባ - ኣልነስር

ካብ ወርሒ ሕዳር 2023 ጀሚሩ ክካየድ ዝጸንሐ ሊግ ዓንሰባ፡ ሰንበት 30 ሰነ ዓንሰባን ኣልነስርን ኣብ ስታድዩም ከተማ ከረን ብዘካይዳኦ ናይ መወዳእታ ጸወታ ተዛዚሙ እዩ።

እዘን ጋንታታት፡ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ኣብ ዝተራኸባሉ፡ ኣልነስር 2-1 ተዓዊታ ነይራ። ኣልነስር፡ እዚ ውድድር ኣርባዕተ ግጥሚት ጥራይ ክሱብ ዝተርፎ እኳ ትመርሕ እንተነበረት፡ ብኣልሂላል 2-1 ብምስዓራ ግን፡ መሪሕነታ ንዓንሰባ ኣረኪባ። ዛጊት ዓንሰባ ብ43 ነጥቢ ክትመርሕ እንከላ፡ ኣልነስር ብ40 ትስዕብ።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ንሊግ ዓንሰባ ዝዓብለሉቶ ኣልነስር፡ ካብ 2003 ክሳብ 2023 ሸሞንተ ግዜ ሻምፕዮን ክትከውን ከኣላ እያ። ዓንሰባ ከኣ ክልተ ግዜ ሻምፕዮን ኮይና።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ግጥሚት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ከተማ ከረን ብቐደሚ ትማሊ ቀጺሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ከቢ 06 ካብ ቅድሚን ድሕሪን ዕረፍቲ ካብ ለኣስ ተስፋኣለምን ሰዶን ተፈሪን ብዝረኸበቶን ሸቶታት፡ ንከቢ 03 - 2-1 ስዒራታ። ሰልሻና ወልደገርጊሽ ንእኽ ሸቶ 03 ዘመዝገበት ነይራ። ከቢ 05ን 02ን ግን፡ 0-0 ከምዝተፈላለያ፡ ህዝቦዊ ርክብት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ዓንሰባ ሓቢሩ።



## ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 . . .

14 ሰነ ዝጀመረ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024፡ ብቐደሚ ትማሊ ምሸት ብዘተኻየዳ ኣርባዕተ ግጥሚት፡ ናይ ምድብ ውድድሩ ዛዚሙ፡ ናብ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ሰጊሩ።

በዚ መሰረት፡ ካብ ቀዳመይቲ ምድብ ካልኣይቲ ኮይና ዝሓለፈት ስዊዘርላንድ፡ ምስታ ካብ ካልኣይ ምድብ ካልኣይቲ ኮይና ዝሓለፈት ኢጣልያ ክትጻወት እያ። ንቐዳመይቲ ምድብ መሪሓ ዝሓለፈት ጀርመን ከኣ ንደንማርክ ክትጋጠማ እያ። እዘን ግጥሚት፡ ጽባሕ ቀዳም እየን ክካየዳ።

ኣብዚ ውድድር ልዕሊ ግምት ተዋዚብዋ ዝመጸት፡ እንተኾነ ክልተ ግዜ ማዕረ ብምውጻኣን ድኹም ምንቅስቓስ ብምርኣየን ብዙንተንቲ ደገፍታን ዘተኣቕፈት እንግሊዝ፡ ንስሎቫኪያ ክትገጥማ እያ። ኣብ ምድብ ሓሙሻይ ዝበረት ስሎቫኪያ፡ ሓንቲ ካብቲን ዝበለጸ ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዛ ክለባት ኮይና እያ ሓሊፋ። ኻኸሉ ናይ ምድብ ጸወታ ዝዓወተትሉ እኳ ጋንታ ዝኾነት እስፓኛ፡ ኣንጻር እታ ረቡዕ ምሸት ንፖርቱጋል 2-0 ዝሰዓረታ ጆርጅያ በጺሕዋ ኣሎ። ዋላኳ ንእስፓኛ፡ ብማጠኑ ዝቐለለ ጸወታ በጺሕዋ ኣሎ እንተተባህለ፡ ናይ ፖርቱጋል ስዕረት ግን፡ ዓቢ ናይ መጠንቀቕታ ደወል ኮይኑዋ ኣሎ። ጆርጅያ፡ ኣብ ቀዳማይ ናይ ዋንጫ ኤውሮጳ ሱታፊኣ እያ፡ ካብ ምድብ ሓሊፋ ዘሎ። ክልቲአን ጸወታታት ሰንበት እየን ክካየዳ።

ናይ ዙር 16 እቲ ዝኸበደ ልዑል ቀላሕታ ዝረኸበ ጸወታ እዩ - ንፈረንሳን ቤልጅዩምን ዘራኽብ ግጥም። እዘን ጋንታታት፡ ብቐለሉ ንምድብን መሪሐን ክሓልፋ እየን ተገሚተን ነይረን፡ “ኣዴኻ ከምዝለኣኸትካ ዘይኮነ . . .”

ከም ዝሃሉ ግን፡ ፈረንሳ ብኦስትሪያ፡ ቤልጅየም ደማ ብሮማንያ ተበሊጸን፡ ክልቲአን ዘኣይዳኦ

ግጥም ከኣ ብኢጋኡ ዓቢ ቀላሕታ ረኺቡ ኣሎ። መራሒት ሻዱሻይቲ ምድብ ፖርቱጋል ምስ ስሎቬኒያ እተካይዶ ጸወታ’ውን ሰኑይ ምሸት ድሕሪ ጸወታ እዘን ክልተ ዓበይቲ ጋንታታት ተሰሪዑ ኣሎ።

ናይ መወዳእታ ናይ ዙር 16 ግጥም፡ ሰሉስ ሮማንያ ምስ’ታ ድሕሪ ፈረንሳ ሳልሰይቲ ኮይና ዝሓለፈት ሆላንድ፡ ኦስትርያ ከኣ ምስ ቱርኪ ዘካይዳኦ እዩ።



## ዋንጫ ኤውሮጳ - ሮናልዶ፡ ዛጊት ብዘይ ሸቶ ይቕጽል



ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል፡ ረቡዕ ምሸት ዘይትጽበታዊ ብዝኾነ መገዲ ብጆርጅያ 2-0 ኣብ ዝተሳዕረትሉ ናይ ምድብ ጸወታ፡ ክርስቲያኖ ሮናልዶ ሓዲሽ ግን ከኣ ዘይደልዮ ክብረ-ወሰን ኣጽሒፉ።

ሮናልዶ ኣብዘን ኣቐዲሞም ዘካየዱወንን ዝተዓወቱለንን ክልተ ናይ ምድብ ጸወታታት፡ ሸቶ ከምዝኣመዝገበ ይፍለጥ። ኣብዚ ናይ ብቐደሚ ትማሊ ሳልሰይቲ ጸወታ’ውን ሸቶ ከየመዝገበ እዩ ወጺኡ።

በዚ ከኣ ኣብዚ ንልዕሊ ክልተ ዕቑድ ዝቐጸለ ናይ ጸወታ ግዜኡ፡ ንፈለማ ግዜ ኣብ ናይ ምድብ ኣህጉራዊ ግጥሚት (ዋንጫ ኤውሮጳን ዋንጫ ዓለምን) ሸቶ ከየመዝገበ ብምውጽኡ፡ ኣንጻራዊ ታሪኽ ኣጽሒፉ።

እዚ ወዲ 39 ዓመት ብሉጽ ኣጥቃዓይ፡ ወዲ 19 ዓመት እንከሎ እዩ ኣብ ዩሮ 2004 ፋልማይ ኣህጉራዊ ጸወታኡ ኣካዩዱ። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ ከኣ ኣብ ኩሉም 10 ናይ ምድብ ግጥሚት - ዋንጫ ኤውሮጳን ዋንጫ ዓለምን እንተውሓደ ሓንቲ ሸቶ ኣመዝጊቡ ነይሩ። ሎሚ ዓመት ግን፡ ከዕውን ሰከዕትን ክረኽብ ኣይከኣለን።

ኣብ መበል 66 ደቒቕ እናኣተረምረመ ተቐዪሩ ክወጽእ ዝተቓሰበ ሮናልዶ፡ ፍጹም ቅላዕ ተኸሊኣ ኢሉ ምስ ደየ ብምትራኹ፡ ናይ ስምዕታ ብጫ ካርድ ተመዚዝዎ።

ቀዳመይቲ ኮይና ምሕላፉ ብምርግጋጻ ንዘበዘሑ ቀዳሞት ተሰለፍታ ዘዕረፈት ፖርቱጋል፡ ኣብ ናይ ዙር 16 ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ፡ ምስ ስሎቬኒያ ክትገጥም እያ። ጸወታ እዘን ጋንታታት 1 ሓምለ እዩ ክካየድ።

## ዶርትሞንድ፡ ንጉራሲ ተዓዊታትሉ

ጀርመናዊት ክለብ ቦሩሽያ ዶርትሞንድ፡ ኣብ ራዳር ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ኣትዩ ንዝጸንሐ ኣጥቃዓይ ሸቱትጋርት ሰርሆ ጉራሲ ንምፍራም ከምዝተሰማምዐት ተቓሊሑ።

ወዲ 28 ዓመት ጉራሲ፡ ኣብ ራዳር ባየር መኒኽ፡ ቸልስን ማንቸስተር ዩናይትድን ኣትዩ ምንባሩ ይግለጽ። ኤሲ ሚላን’ውን ጠሚታቶ ነይራ ይበሃል። ኣብዘን ዝሓለፋ መዓልታት ከኣ፡ ንምፍራሙ ዝቐለት ኣርሰናል፡ ጸቡቕ ገበረሳ ምህላዋ ተሓቢሩ ነይሩ።

ይኹን’ምበር፡ ብመሰረት ጋዜጣ ሜትሮ፡




ጉራሲ፡ ንሕቶ ኣርሰናል ጸማም እዚዚ ብምሃብ፡ ካብ ቡንደስሊጋ ከይወጸ ናብ ቦሩሽያ ዶርትሞድን ክጸምበር ወሲኑ ኣሎ። ትማሊ ውዑይ ዜና ኮይኑ ኣብ ዝተፈነወ ሓበሬታ ከኣ፡ ዶርትሞንድ፡ ምስዚ ቀጠልያ መብራህቲ ዝወልዓ ጊኒያዊ ኣጥቃዓይ ተሰማሚዓ ኣላ። ንሕቶኣ ድሕሪ ምቕባሉ ድማ፡ ወግዓዊ ማስርሕ ክጅመሩ እዮም።

ኣብዚ እትመጽእ ዘላ ወቕቲ ብሓዲሽ ኣሰልጣኒ ኑር ሳሂን እትዕለም ዶርትሞንድ፡ ንመልቀቒ እዚ ተጻዋታይ 17.5 ሚልዮን ዩሮ ንሽቱትጋርት ክትከፍላ ምኳና’ውን ይሕበር።

እዚ ከኣ ነታ ብቑፅ ቁጽሪ 9 ኣጥቃዓይ ትሃድን ዘላ ኣርሰናል፡ ዓቢ ጸፍዒት እዩ። እዛ ጋንታ፡ ኣቐዲማ ንኣጥቃዓይ ኣርቢ ሌፕዚግ በንጃሚን ሰስኮ ክተፈርሞ ኣብ ዝተበገሰትሉ፡ ምስ ጋንታኡ ዘጸንሐ ሓዲሽ ውዕል ብምፍራሙ ክትቀብጽ ከም እተቐሰበት ይዝከር።

ወዲ 28 ዓመት ሰርሆ ጉራሲ፡ ቅድሚ 12 ኣዋርሕ ካብ ረንስ ናብ ሽቱትጋርት ድሕሪ ምምጽኡ፡ ኣብ 28 ጸወታታት 28 ሸቶታት ኣመዝጊቡ። እዛ ጋንታ ኣብ ቡንደስሊጋ ካልኣይ ተርታ ሒዛ ክትዛዝም ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ሱታፌ ክትረክብን ድማ፡ ልዑል ኣስተዋጽኦ ገይሩ።

## ፒኤስጂ፡ ዳግማይ ናብ ራሽፎርድ ተቐምት

ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ፡ ዳግማይ ኣብ ልዕሊ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ማርከስ ራሽፎርድ ተገዳስነት ኣርእያ ምህላዋ፡ ጋዜጣ ጎል ሓቢሩ።

እዛ ጋንታ፡ ካብ ቅድሚ ገለ ዓመታት ጀሚራ ንራሽፎርድ ንምፍራም ተገዳስነት ኣርእያ ምንባራ ይዝከር። ኣብዚ እዋን ከኣ፡ ምስ ምኻድ ወኒ ኣጥቃዒያ ከይላን ምባፐ ናብ ሪያል ማድሪድ፡ ሓዲሽ ኣጥቃዓይ ንምፍራም ኣቓላ ኣብ ዘለወትሉ ግዜ እያ፡ ተገዳስነታ ዳግማይ ኣብ ልዕሊ ራሽፎርድ ኣበራቢራቶ ትርከብ።

ብመሰረት እዛ ምንጪ፡ ፒኤስጂ ንኣጥቃዓይ ናፖሊ ቨክተር ኦሲመን ንምፍራም ዝበረ ተስፋ ድሕሪ ምቕሃሙ እያ፡ ናብ ራሽፎርድ ኣቓሚታ ዘላ። ኣሰልጣኒ ናይ’ዛ ጋንታ ሉዊስ ኤንሪከ’ውን፡ ካብ ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ



ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ከፊርም እዩ ዝደሊ። እዚ እንግሊዛዊ ዓለሚ፡ ኣብዚዮም ናይ ማእከል ኣጥቃዕቱ ጎንጎሎ ራሞስን ራንዳል ኮሎ ሞዋኒን እምነት ከሕድር እዩ ዘመርጽ - ብመሰረት እዛ ምንጪ።

ብዘይካ’ዚ፡ ወነንቲ ማን ዩናይትድ፡ ፋይናንስያዊ ዓቕሞም ንምሕላው ንራሽፎርድ ክሸጥዎ ተዳልዮም ምህላዎም ይሕበር። ካብዚ ተጻዋታይ ዝርከብ መጠን ገንዘብ ድማ ሓደስቲ ተጻወትቲ ኣብ ምግዛእ ከውዕልዎ እዮም ደሊዮም። ይኹን’ምበር እቲ ዝቐርበሎም ሕቶ ዘይገብሮም ዓቢ መጠን ገንዘብ ሒዙ እንተዘይመጺኡ፡ ክሸጥዎ ከምዘይደልዩ ይግለጽ።

ዝሓለፈ ወቕቲ-ስፖርት ዝበለጸ ብቕዓቱ ከንጸባርቕ ዝተጸገመ እዚ ወዲ 26 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ኣብ ኩሉ ውድድር ሸሞንተ ሸቶታት ጥራይ እዩ ኣመዝጊቡ። በዚ ከይተኣ ኣይተርፍን ከኣ፡ ባህጊ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌት ክመልእ ብዘይምኽኣሉ፡ ኣብታ ኣብ ዩሮ 2024 እትሳተፍ ዘላ ጋንታ ቦታ ከምዝይብሉ ዝተሓበሮ።

### ቅንጥብጣብ

* ኣከፋፋሊ ጁፒንቱስ ኢዥ ባርቸያ፡ ምስ ኣስቶን ቪላ ክጸምበር ዕወት ሕክምናዊ መርመራ ምክያዱ ተቓሊሑ።

ኣብ 2024-25 ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ እትሳተፍ ኣስቶን ቪላ፡ ኣቐዲማ ንእንግሊዛዊ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ጁፒንቱስ ሳሙኤል ሊንግ ከምዘወደኣትሉ ይግለጽ። ብዘይካ’ዚ፡ ንተጻዋታይ ቸልሲ ኢያን ማትሰን’ውን ናብ ሕቖፉ ኣእትያቶ እያ። ኣብ ዝቕጽላ መዓልታት ድማ፡ ሰለስቲኦም ከም ተጻወትታ ብወግዒ ክገልጹ እዮም።

* ካብ ሰሪኢ ናብ ሰሪኣ ሓሊፋ ዘላ ክለብ ኮሞ - ኢጣልያ፡ ካብ ማን ዩናይትድ ድሕሪ ምውጽኡ ናጻ ተጻዋታይ ዝኾነ ራፋኤል ቫራን ክተፈርሞ ደልያ ኣላ።

እንተኾነ፡ ብዙሓት ክለባት ይሃድንኦ ብምህላወን፡ ንምፍራሙ ከምዘኸብዳ ይግመት። ፈረንሳዊ ቫራን ኣብ ዝቕጽል ባዕሉ ምርጫኡ ክፍልጥ ድማ ትጽቢት ይግበረሉ።

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣርሰናል፡ ባርሴሎናን ቸልሲን ሰስ ፋብረጋስ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ክለብ ኮሞ እዩ ዘሎ። ንሓደ ዓመተ-ስፖርት 2022-23 እውን ተሰሊፉላ ነይሩ እዩ።

* ማን ዩናይትድ፡ ንሆላንዳዊ ኣሰልጣኒኣ ኤሪክ ተን ሃግ፡ ኣብዚ እትመጽእ ዘላ ወቕቲ-ስፖርት ኣብ ስርሑ ዝሕግዝዎ ክልተ ደቂ ዓዱ ሓደስቲ ተሓጋገዝቲ ዓለምቲ ክትቖጽረሉ ተቓሪባ ምህላዋ ተሓቢሩ።

እዛ ጋንታ፡ መጻኢ ተሓጋገዝቲ ተን ሃግ ዝኾኑ ሚቸስን ቫን ደር ጋግን ስቲቭ ማክላረንን ኣብ ጠልጠል ብምህላዎም እያ፡ ሓደስቲ ክትቖጽረሉ መዲባ ዘላ። ንሳቶም ድማ፡ ኣሰልጣኒ ሆላንዳዊት ክለብ ጎ ኣሀድ ኤግልስ ዝኾነ ረኔ ሃኬ ከምኡ’ውን ናይ ቅድም ተጻዋታይ ናይ’ዛ ጋንታ ሩድ ቫን ኔስተርሎይ እዮም።




ረነ ተን ሃግ ሩድ ቫን ኔስተርሎይ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ፕረዚደንት ኬንያ፡ እማመ ወሰኽ ግብሪ ስሒቡ

ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶ፡ ነቲ ኣብ መላእ'ታ ሃገር ህዝባዊ ናዕቢን ሞት ሰልፈኛታትን ዘስዓበ - ወሰኽ ግብሪ መንግስቲ ከምዝሰሓቦ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ሩቶ እዚ ዝፍለጦ፡ በቲ ኣብ ኣፍ-ደገ ቤት-ጽሕፈት ፓርላማን ካልኦት ከባቢታት እታ ከተማን ንኽልተ መዓልታት ዝተኻየደ ጎነጽ ዝተሓወሶ ሓያል ተቓውሞታት፡ ሰልፈኛታት ምስ ኣባላት ጸጥታ ጎንጺ ድሕሪ ምፍጣሮም እሞ - ብውሕዱ 22 ሰባት ከምዝሞቱን ሓያሎ ካልኦት ከምዝቖሰሉን ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ ህሞት እዩ።

ፕረዚደንት ሩቶ ዝሓለፈ ረቡዕ ንህዝቢ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ነቲ ብፓርላማ እታ ሃገር ዝጸደቐ ወሰኽ ግብሪ ህዝቢ ከምዘይተቐበሎ ዝመልከቱ ተቓውሞታትን፡ ኣብ'ታ ሃገር ተኸሲቱ ዝዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእን ድሕሪ ምግምጋም - ነቲ ውሳነ ከምዝሰሓቦ ኣረዲኡ።

በዚ መሰረት፡ ነቲ እማመ ክታሙ ከምዘይነብረሉን ነቲ ክቖጽል ዝጸንሐ - ኣብ ሰብን ንብረትን ከቢድ ጉድኣት ዘውረደ ናዕቢ ከህድኦ ከምዝፍትን ገሊጹ ኣሎ።

ኣብ ርእሰ-ከተማ ናይሮቢ ኣብ ዝተኻየደ ህዝባዊ ተቓውሞ፡ ገለ ክፋል ህንጻ ፓርላማን ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ከተማ ናይሮቢን ብሓዊ ተቓጺሎም እዮም።

እቲ ፕረዚደንት ኣቐዲሙ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ተቓውሞታት ገበኛታት ዝተሓወስዎ ምኳኑ ብምምልካት፡ ተሪር መልሰ-ግብሪ ከምዝወስዱ ኣጠንቂቑ ነይሩ።

ነቲ ውሳነ ዝቃወሙ ዘለው ዜጋታት'ታ ሃገር፡ እቲ ወሰኽ ግብሪ ተራ ዜጋታት ክኸፍልዎ ዘይክእሉ ምኳኑን፡ ነቲ ድሮ ብልዑል ዝቖመ ዋጋ ተጸልዩ ዘሎ ቁጠባ'ታ ሃገር እውን ዝዛሰ ከምዝገብሮ እዩም ዝገልጹ።


መንግስቲ ኬንያ፡ ነቲ ካብ ህዝቢ ዝመጽእ ዘሎ ጸቕጢ ንምህዳእ ንገለ ካብ'ቶም እማመታት ወሰኽ ግብሪ ደኣ'ምበር፡ ንኹሉ እቲ እማመታት ክገድፎ ዘሎ ተኽእሎ ኣገዳሲ ትሑት ምኳኑ - ምስ'ቲ ጉዳይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዝገልጹ።

ፕረዚደንት ሩቶ፡ ብልሸውና ኪቃለሱ ናይ ሰራሕ ዕድላት ክፈጥርን ቁጠባ ከመሓይሽን ቃል ብምእታው እዩ - ኣብ 2022 ብምርጫ ናብ ስልጣን መጺኡ።

ኣብ'ዚ ግን እቲ ፕረዚደንት፡ ዕዳ ኬንያ ንምቕላል - ሓዱሽ ግብሪ መንግስቲ ምእዋጅ ኣገዳሲ ምኳኑ እዩ ክምጉት ጸኒሑ።

ኣስታት 80 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ዕዳ ከምዘለዋ ዝነገረላ ኬንያ፡ ነታ ሃገር ዓመታዊ ልዕሲ ፍርቂ ኣታዊታት ክትከፍል የገድዳ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ።

ኬንያ፡ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ዕዳኣ ክትከፍል ቃል ብምእታዋ፡ ዓለም-ለኻዊ ደገፋት ክትረክብ ከምዝተኻእለ ይግለጽ።



## ሰሜን ኮርያ፡ 'ፈሺሉ' ዝተባህለ ፈተነ ሚሳይል ዕዉት ምንባሩ ገሊጻ

ሰሜን ኮርያ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ልዕሊ ፍጥነት ደምጺ ዝውንጨፉ ዝተራቐቐ ባለስቲካዊ ሚሳይል ብዓወት ከምዝወንጨፈት፡ መንግስታዊት ማዕከን ዜና እታ ሃገር 'ኬሲኤንኤ' ገሊጻ።

ሰሜን ኮርያ እዚ ዝገለጸት፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን - እቲ ሰሜን ኮርያ ዘካየደቶ ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከምዝፈሸለ ድሕሪ ምሕባረን እዩ።

መንግስቲ ደቡብ ኮርያ፡ እቲ ብሰሜን ኮርያ ዝተወንጨፈ ሚሳይል 250 ኪ.ሜ ድሕሪ ምጕዓዙ፡ ዒላምኡ ከይወቕዐ ከምእተባርዐ ክገልጽ እንከሎ፡ ጃፓን ብወገና - ስብርባር ናይ'ቲ ሚሳይል ኣብ ማያት ምብራቓዊ ጥምጥም ሰሜን ኮርያ ከምዝወደቐ ገሊጻ ነይራ።

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ወተሃደራዊ ሓይሊ ሃገሩ ዘመናዊ ንምግባር ኣብ ዝጽዕረሉ ዘሎ እዋን፡ ሰሜን ኮርያ - ብተደጋጋሚ ፈተነታት ዝተራቐቐ ኣጽዋር ከተካዩድ ጸኒሓ እያ።

ኣብ መጀመርታ 2021 ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ገዛኢ ሰልፊ ናይ'ታ ሃገር፡ ሰሜን ኮርያ ኣብ ምምዕባል ናይ ሰለያ ሳተላይታት፡ ሶግራ-ኣህጉራዊ ባለስቲካዊ ሚሳይላት፡ ሃይፐርሶኒክ ኣጽዋርን ብኣብዛሕ ዝውንጨፉ ሚሳይላትን ኣድሂባ ክትሰርሕ ምዃና - ኪም ጆንግ ኡን ምሕባሩ ይዝከር።



## ኢንዶነዥያ፡ ንማዕበላዊ ዋዒን ደርቕን ትቃላዕ



ኢንዶነዥያ፡ ኣብ ዝመጽእ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ማዕበላዊ ዋዒን ደርቕን ኪጋጥማ ከምዝኽእል፡ ፕረዚደንት ኢንዶነዥያ ጆኮ ዊዶዶ ንጹብጹብ ሜትዮሮሎጂ እታ ሃገር ብምጥቃስ ኣጠንቂቑ።

እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ እቲ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ ቅልውላው መግቢ'ውን ከኸትል ከምዝኽእል ኣተሓሳሲቡ ኣሎ።

ብሰንኪ ማዕበላዊ ሙቐት ዝመጽእ ደረቕ ወቕቲ፡ እቶት ሕርሻ ከጉድል ከምዝኽእል ስክፍታኡ ዝገለጸ ፕረዚደንት ዊዶዶ፡ እዚ ጉዳይ ኣብ ኢንዶነዥያ ጥራይ ዘይኮነ - ብደረጃ ዓለም እውን ንበዝሓት ሃገራት ዝጸሉ ምኳኑ ኣመልኪቱ።

ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኢንዶነዥያ ዝተረኸበ መረዳእታ ከምዝመልክቶ፡ ካብ 7 ክሳብ 16 ሚእታዊት ህዝቢ ኢንዶነዥያ ንሕጽረት መግቢ ክቃላዕ ስግኣት ኣሎ።

ኣብ 2024 - 281.6 ሚልዮን ክበጽሕ ተገሚቱ ካብ ዘሎ ብዝሒ ህዝቢ ኢንዶነዥያ፡ እቲ 20 ክሳብ 45 ሚልዮን ዝኸውን ህዝቢ - ሓደጋ ጥሜት ከንጸላልዎ ከምዝኽእል ይግመት።

ኣገልግሎት ትንቢያ ሜትዮሮሎጂ ኢንዶነዥያ፡ ኣብ'ታ ሃገር መዓልታዊ ዝለዓለ ሙቐት - 35 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ክበጽሕ ምኳኑ ሓቢሩ።

## ናይጀርያ - ተጠቃምነት ፕላስቲክ ዝእግድ ሕጊ ጸዲቑ

መንግስቲ ናይጀርያ፡ ብኸላ ኣከባቢ ንምግታእ - ተጠቃምነት ፕላስቲክ ብቐንዱ ድማ ፈስታል ንዘይምፍራይን ንዘይምጥቃምን ዝኽልኽል ሕጊ ከምዝጸደቐ ተገሊጹ።

እቲ ሕጊ፡ ካብ ፈለማ ናይ ዝመጽእ ዓመት ተግባራዊ ከምዝኸውን ዝገለጸ መንግስቲ ናይጀርያ፡ ህዝቢ ትግባረኡ ንምውሓስ ክሰርሕ ኣተሓሳሲቡ።

እዚ ጸዲቑ ዘሎ ሕጊ ዝጥሕሱ ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ከቢድ መቕጻዕቲ ከምዝወሰዶም ድማ፡ መንግስቲ ናይጀርያ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ኣብ ናይጀርያ፡ ዓመታዊ 2.5 ሚልዮን ቶን ፕላስቲክ ከምዝጉሓፍ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ እቲ 70 ሚእታዊት ከምዘይምስራሕ የረድኡ።

ብደረጃ ዓለም፡ ዓመታዊ ኣስታት 360 ሚልዮን ሜትሪክ ቶን ፕላስቲካዊ ጉሓፍ ከምዝድርበ፡ እቲ ኣሃዝ ኣብ 2060 ብሰለስተ ዕጽፊ ክዛይድ ከምዝኽእልን - ጸብጻባት ኣከባቢ ይእምቱ።



## ፓኪስታን - ቁጽሪ ግዳያት ክሊማዊ ዋዒ ዛዪዱ



ኣብ ደቡባዊ ፓኪስታን፡ መጠን ሙቐት እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ቁጽሪ ግዳያት'ቲ ባህርያዊ ሓደጋ ይዛይድ ከምዘሎ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ኣብ'ታ ሃገር ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ መዓልታት ኣስታት 570 ሰባት ከምዝሞቱ፡ ካብዚኦም እቶም 141 ዝሓለፈ ሰለስ ጥራይ ምኳኖም እውን ተሓቢሩ።

ኣብ ከተማ ካራቺ ሙቐት ናብ ልዕሊ 40 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ዓሪጉ ምህላዉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ብዝዕባ ከተማ ካራቺ - ካልኦት ከተማታትን ከባቢታትን እታ ሃገር እውን ብተመሳሳሊ ኩነታት ከምዝተጸለወ ይግለጽ።

ኣብ ጎረቤት ሃገር ህንዲ ብተመሳሳሊ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ መዓልታዊ መጠን ሙቐት 40 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ክምዝጉብ ከምዝቖጸ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ድማ ኣስታት 50 ዲግሪ ሴንቲግሬድ በጺሑ ከምዝሎ ጸብጻባት የመልክቱ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካመራ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ናይ መድረኽ ድራማ |
| 16:10 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ቴራብ ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ኦኣሰስ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሺያ ጅዳ | 28/06/2024 | ጎደና ለገሰት ቀጣን ቁ.6፡ (ሺያ ጅዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services